ህዝባዊ ሰውራዊ ግንባር ኤርትራ الجبهه الشعبية الثورية الارترية
Eritrean People`s Revolutionary Front

# በዳሂት

ፍሉይ ሕታም ቅጺ 4 - ቁ. 1

ወግዓዊ ልሳን ህዝባዊ ሰውራዊ ግንባር ኤርትራ

ታሕሳስ 17, 2004

# ርእሰ ዓንቀጽ

ስለምንታይ እዚ ኣብ ወጋሕታ 5 ሕዳር 2004 ተረኽቦ ጀምላዊ ቕትለት ብምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ወትሃደራዊ ቤት ማእሰርት ዓዲ ኣቤይቶ ተጋሂዱን ተፈጺሙን?
ኣብ ድርኹኺት መእተዊ ርእሰ ዓንቀጽና፡ ንስድራቤት ግዳይ ናይዚ ኣሰቃቂን ኣፅናዊን ተረኽቦ ዝኾኑ ጽንዓት ይሃብኩም ክንብል ንደሊ።ምልካዊን ፋሽሽታዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኩሉ ዓቕምታቱን ንያቱን ተጸንቒቁ ኣብዝተወድአ ናይ ፖሎቲካዊ ስልጣን ምቅጻል ሕልሙ ገና ኣብ ቦቷኡ ብምህላዉ፡ ብራዕድን ሽበራን ንህዝቢ ክድህል ስለ ዝወሰነ'ዩ። ዘውትር ዓቅሉ ክጼቦ እንኮሎ ዚጥቀመሉ ሜላን ፍጻሜን'ዩ።
ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጉዳይ ህዝቢ፡ ጉዳይ ሰራዊት፡ ጉዳይ ጸጥታ ሃገር ባኣልማማ ብወትሃደራዊ ዲስፕሊን፡ ምምሕዳር፡ ኣናብያ ክሕዞ ወሲኑ'ዩ። ናይ ዲስፕሊን ሕቶ ድማ ኣብ ዋጋ ፅዳጋ ዘይኣቱ ሕቶ ክከዉን ንኩሉ ወትሃደራዉን ቤርገስያዊን ኣማሐደርቲ ዘዋሪ ምልእኽቲን መምርሒን ሂቡ'ዩ። ኣብ መላእ ኤርትራ ኩሉእንትናዊ ሕጽረታት"ዩ ኣጋጢሙ ዘሎ፡ እዚ ገጢሙ ዘሎ ሕጽረታት ድማ መዳርግት፡ መፈወሲ፡ መፍትሒ፡ ተስፋ ዘይብሉ ብቀሊሉ ን ህዝብን ሰራዊትን ኣንጻሮም ኣንጻር ምምሕዳሮም ክቑስቑስን ከላዕል ዚኽእል ኩዉንነት ብ ምኽኑ እስትንፋስን ግዜን ንምዕዳግ፡ ነዚ መመኽነይታ ፈጢርካ ሰብ ምቕታል ከም ሳዕቤኑ ህዝብን ሰራዊት ስኽኽ ክብል ይኽእል'ዩ ዝብል እምንቶ ስለ ዘለዎም'ዩ።
ነዚ ኣሉታዊን ዘይኩዉንነታዊ እሙንቶታቶም ከጥሩዩ ዝደረኾም ክዉንነት ኤርትርያ ኣለዎም ንሱ ድማ እዘን ዝስዕባ ቶሞክሮታት እየን፡-

- ኣብ ናጻ ኤርትራ ጅግንነትን ሐርበኝነት ዜጋታት ብመሪሒነት ህ.ግ.ደ.ፍ ክምንጠልን ክህረምን እንኮሎ ተቓውሞ ብህዝቢ ይኹን ብተቓወምቲ ብዘይምግሃዱ፡
- ኣብ 1993, 1994, 1996 ን 2001 ዓ.ም ዚተካየደ ምቅታላት ምእሳራት በዚ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ፡ ስንኩላን ሐርነት፡ ኣባላት ባይቶ ህ.ግ.ደ.ፍ በሊሕ ተቓውሞ ብዘይምግጣሙ፡
- ካብ 1995 ኣትሒዙ ዚካየድ ዘሎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመሰረት ኣዋጅ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ን 2 ዓመት ክገልግል ጥራሕ ምኻኑ ሃገራዊ ጉቡኡ እንዳተፈልጠን ንጽር ክንሱ ክሳብ ሕጂ ኣገዲዶም ክቓጻጸርዎን ከስርሕዎን ምኽኣሎሙን፡ በዘይካ ምህዳም ምሕካል ካልእ ስሙር ተቓውሞ ብዘይምግጣሙ፡

* ብሐፈሻዊ ዘይዓመጻዊን ሉዑል ንያት ናይ ምጽማም ባህርያት ህዝቢ ኤርትራ ብምዝማዝ'ዩ።

ኣብ ተራ መዓልታዊ ዕላል መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ እዘን ዚተሮቕሓ ነጥብታት ዘውትር ከም ሃብታም ተሞክሩኦም ሕፍር ካይበሉ ይዛረቡለን ኢዮም። ስለይቲን ላዕለዎት ወትሃደራዊ ኣዘዝቲ ዘናፊስዎ ጽውጽዋያት ኣሎ ንሱ ድማ፡ -ኣብ ኣስመራ፡ ምጽዋዕ፡ ከረን ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ክካየድ ተሐሲቡ ነይሩ።ኣብ ኣስመራ ወትሃደራዊ ዕልዋ ክግበር መደብ ነይሩ።ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሃደሙ፡ ሃገራዊ ጉቡኦም ዝሐንገዱ ዓዋሉ ንምቑጽጻር ዚተካየደ ስርሒት'ዩ ይብሉ። እዚ ኣባህላታት'ዚ ምስቲ መዓልታዊ ዝብልዎ ተጋራጫዊ'ዩ። ምክንያቱ መላኣ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቲ ሐደ ቀልብን ሐደ ተረግታ ልቢ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተቓውሞ የሎን፡ ዋርሳይን ይካኣሎን ሃገራዊ ልምዓትን ምክልኻል ሃገርን ብጥሙር የሳላስል ኣሎ..........ወ.ዘ.ተ እንዳበሉ ከንሶም ከመይ እዚ ተሓሲቡን መጽዩን?
መጀመርታ እቲ ግፋ ብኣልማማ ካብ ደቂ 50 ዓመት ንታሕቲ ጉልበት ዝግምግም እዩ። ኣብ ዚ ግፋ'ዚ ግዜ ናይ ምሕታት መንነት፡ ስራሕ፡ ወይ ምዓርግ ኣይነበረን።ብ ኣልማማ ዚረኸብዎ ምግፋፍ'ዩ ዝነበረ። ኣብዚ ግፋ ዚ ላዕለዎት ወትሃደራዊ መኮንናት፡ ናይ ወጻኢ ሃገራት ስራሕተኛታት፡ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ሙዱባት ስራሕተኛታትን ካልኦ ዘይተዘርዘሩ ዚሐቶፊ ግፋ'ዩ ዝነበረ። ነዚ ግፋ'ዚ ክካየድ እንታይ ደፊእዎም?
ወትሃደራዊ ዕልዋ ክካየድ መደብ ነይሩ ዝብልዎ'ኸ ንመን ወትሃደር ሒዞም?

እዚ ዓዘፍዘፉት'ዚ ንኻልኦም ይበልዎ። እቲ ሓቂ ንመጻኢ ኪገጥመና ሩጉጽ ተክእሎ ስለ ዘሎ ካብ ሕጂ ንህዝብን ሰራዊትን ንድሃሎ እሞ ጃጂዩ ወይ ፈሪሁ ክጥንቀቅ'ዩ ካብ ዚብል ሉሙድ ኣጋባብ ኣሳራርሓኣም ዝነቐለን ዝተወሰደን ስጉምቲ'ዩ።

ኣብ ከባቢ ኣስመራ ስለዝተፈጸመ መላእ ትቓወምትን ማሕበረሰብ ዓለም ስሚዕዎ ኣብ መላእ መራኸቢ ቡዝሐን እውን ተቓሊሑ፡ ልዕሊ እዚ ተረኺቦ እዚ ኣብ ዚተፈላለየ ወትሃደራዊ መዓስከራት፡ ግንባራት፡ ልምዓታዊ ስራሕት፡ ምህናጽ ትሕተ ቕርጺ፡ መደበር ታዕሊማት፡ ገጠራትን፡ በረኻታት፡ ከተማታት ኤርትራ መዓልታዊ ምቕታል፡ ምእሳር..... ወ.ዘ.ተ ስራሓትን ተግባራትን እዚ ምልካዊ ስርዓት'ዩ።

ህዝቢ ይኹን ሰራዊት'ውን ዚፈልጦን መዓልታዊ ዝርእዮ ፍጻሜታት ምኻኑ ቡሩህ'ዩ። እቲ ሕጂ ዘሰክፍ ጉዳይ፡ ጉዳይ እዚ ስርዓት ኣይኮነን፡ ጉዳይ እቲ ግዳይ እዚ ስርዓት ዝኾኑ ህዝብን ሃገርን እዩ። እዚ ስርዓት ህላዊኡ ከራጋግጽ ጽጥቱኡ ክረጋግጽ ብዝኸፍኤ ምልክዓት ክቕጽሎ ሙኻኑ ተራጋጊጹ ኣሎ፡ ህዝቢ ኸ እንታይ ክገብር ይሐስብ ኣሎ? ክምለስ ዝግብኦ ሕቶ'ዩ። ሃገሩ፡ ደቁ፡ ንብረቱ....... ወ.ዘ.ተ. እንዳበረሴ ትም ኢሉ ክዕዘብ ምኽንያታት ክፈጥር እንተወሰኑ ስለ ዝደለና ዝግበር ነገር የለን። ነዚ እንዳፈለጡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጽቡቅ የማሐድር ኣሎ ዝብሉ፡ ፒትሽን ክፈርሙ ዝዉዕሉ፡ ሎቢስ ኮይኖም ነዚ ስርዓት ክካለኸልሉ ዝዉዕሉ፡ መዓልታዊ ንህዝቢ እንዳ ኣፋራርሁ ን ኣዳናገሩ ገንዘባዊ፡ ነገራዊ ን ሞራላዊን ነገራት ክእክቡ ዝዉዕሉ ዉሑዳት ዜጋታት ዝቁጸሩ ኣይኮኑን። ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ቀተልቲ፡ ተጣብቅቲ፡ ኣከብቲ፡ ኣዳነገርቲ ኩሉ ኣለዎ፡ ንሳቶም ድማ ኣካል ናይ ህዝቢ ኤርትራ እዮም። እቲ ሕማቕ እንዳርኣየ ውልቃዊ ረብሕኡ ካይትንከፎ ክብል ኣጽቒጡን ላንጋላንጋ መርገጺ ወሲድ ትም ኢሉ ዝዕዘብ ዘሎን፡ እቲ “ተቃዋሚ ኢየ እንደበለ” ክንሱ ብትሕቲ ሃገራዊ ዝንባለታት ክሳብ ዓንቐር ክሳዱ ዝተቀጸ ጨቓው ዜጋ ውን ኣካል ህዝብን፡ ተግባራቱን ስርሓቱን ነዚ ምልካዊ ስርዓት ዘገልግል'ዩ። ንሕና ህ.ስ.ግ.ሌ ህዝቢ ክንብል ኮሎና፡ በዘይካ እቲ ሙሉእ ግዚኡን ስራሑቱን ወትሃደራዊ ሞያ ዘካይድ፡ ካልእ ብምሉኡ ህዝቢ'ዩ። ፖሎቲካዊያን ውድባት፡ ፖሎቲካዊያን ማሕበራት ክሳብ ቓልሰን ኣብ ፖሎቲካዊ መዳይ ዚተወሰነ'ዉን ኣካል ናይቲ ህዝብን ህዝቢ እየን። ኣብ ኤርትራ እቲ ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ሕብረተሰባዊ ቕልውላዋት እንዳባኣሰ ዝኸይድ እንበር እንዳ ተማሐየሸ ዚኸይድ ኣይኮነን፡ ምንቑልቓል ናይዞም መሰረታውያን ሮቓሒታት ንወዲ ሰብ እንተ ረድዩ ካይ ረደየ ንምንዕዓብን ለውጢን ከም ማእክል ስሕበት ኮይኖም ክድሩኽዎን ከገድድዎን'ዮም ምርጫታቱ ኪፈልጥ ኣለዎ።

ህዝቢ ክምዚ ኮይኑ፡ ዶስ ማ ዶስ ትርጉም ዝህብን መፍትሕን ኣይኮነን። እቲ ህዝቢ ኢሉ ዝምድር ንገዛኣ ርእሱ ህዝቢ'ዩ።መሰለይ ሐለፉይ ጉቡኣይ ኢሉ ክምድር፡ ንመሰሉ ክራጋገ ክቓለስ'ውን ማዕረ እቲ መሰለይ ዚብሎ ጉቡኣት ከም ዘለዉዎ ፈሊጡ ግቡኡ ክፍጽም ድሉው ን ንጡፍ ክኸውን ይግባኣ። ኩውን ዘይኩውን፡ ቡሁል ዘይቡሁል፡ ጥረ ቡሱል፡ ካብ ክትጽሕፍን ክትዛረብን ምውዓል ነቲ ራእይታትካ ጋህዲ ንምግባር ስሬኻ ዓጢቕካ ምግዳል' ዝሕተተሉ ዘሎ ጊዚየ'ዩ።

እቲ ህዝብን ናይ ሰራዊት ምንዕዓባት ተደልዩ ዘይኮነ ብናይ ገዛኣ ማሕበራዊ ሕግታቱ ክውላዕ'ዩ ድሮውን ጀሚሩ እንሆ፡ ግዳይ ናይዚ ድማ እቲ ላንጋላንጋ፡ ፈራህ፡ ጦኦቅሞ ፈሊ ጥ፡ ህጻናት፡ ኣረጋውያን፡ ስንኩላን እዮም። ዘውትር ተባዕን ትክን መውጺኢ ስለዘይስእን ክሰግሮ ወይ ድማ ኣካል ናይቲ ማሕበራዊ ሰውራን ለውጥን ክኸውን'ዩ። ኣብዚህሞት'ዚ ዝኾነ ዜጋ ሃገራውን ሞራላዉን ሐላፍነትን ጉቡኡን ኣለዎ ነቶም ብጉድለት ጉልበታዊ ዓቕሚን ዕድመን ናይ ንነብሶም ምክልኻል ዓቅሚ ዘይብሎም ኣቓልቦ ገይሩ ብኣትኩሮ ክካለኸለሎምን ክኣልዮምን ይግባኣ። ተስፋ ንገብር ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ቀዳማይ ቀብሪ ሐመድ ድበ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ሱታፌኡ ከራጋግጽ። ንኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዓመተ 2005 ዓመት ለውጢ፡ ብልጽግና፡ ሰላም፡ ራህዋ........ ወ.ዘ.ተ ክኮነልካን ንምነ።

# እዚ ብ 25 ሕዳር 2004 ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዚተኣወጀ ናይ ሰላም እማሜ ስለምንታይ ሕጂ ኣድለየ?

ህ.ስ.ግ.ኤ ከም መትከላዊ ኣራኣእይኡ ኩሉ ዘቤታዊን ግዳማዊን ግርጭታት ኣብ ኣታኣሕሕዛኡምን ኣፋታትሕኦምን ብሰላማዊ ን ዘተን ክፍትሑ ይኣምን ይቓለስ። ን ኣብ ምንጎ መንግስታት ኤርትሪያን ኢትዮጵያን ዝተወልዔ ኣብ ግንቦት 1998 ድማ ብዘተን ስላምን ክፈትሕዎ ክማሕጸንን ጸቕጥታት ክገብር ጸኒሑ፡ ክልቲኡ መንግስታትብስላምን ዘተን ክፈትሕዎ ተበጉሶን ቁሩቡነት ስለዘይነበረ፡ ጉዳይ ብኣህጉራዊ ዳንነት ክዉስን ተስማሚፁ ንዓለማዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ፡ ዓለማዊ ቤት ፍርዲ ኮምሽን ዶብ ቖይሙ፡ንሙሉእ ዓመት መመላእታ እቲ ኮሚሽን ሙጉት ክልቲኦም፡ ሰነዳት፡ ፖሎቲካዊ ካርታታት መግዝእትን ዓለምን ድሕሪ ምጽናፅ፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትሪያን ኢትዮጵያ ብብልሓት ምክታይ ኣብ መደምደምታ በጺሑ ፍርዲ ገይሩ፡ ንመላኣ ዓለምን ክልቲኡ መንግስታት’ውን ውሳኒእኡ ብጽሑፍን ኣብ መራከቢ ቡዝሐኣን ኣብ ፅለት 13 ሚያዝያ 2002 ሂቡን እቲ ኣካላዊ ምምልካት ዶብ ድማ ኣብ ባይታ ን ጥቅምቲ 2003 ክትግበር ተነብዩ።መላእ ማሕበረሰብን ዓለምን ብዓቢ ኒሕን ተስፋን ከምኣውንታ መፅልቦ ተቀቢሉን ክትግበር እንዳተጸበየ እንኮሎ፡ ኣብ መስከረም 2003 መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ኣካላዊ ምምልካት ካይጅመር ዝዓናቅፍ ጽፅዳታት ኣምጺኡ ንሐንሳብ ሐድነት ኢትዮጵያ ኣብ ሐደጋ ዘውዲቅ ፍርዲ’ዩ ንሐንሳብ ባድመ ይሃቡና ንሕና መሬት ኤርትሪያ ንኣና ዝበጽሔ ናኦም ክንህቦም ንሐንሳብ ነቲ ኣካራኻሪ ኮይኑ ዘሎ 15% ንዛተየሉ ኣብ መጨረሽታ ዘተ ዚብል ዓማሚ ጽዊዶም። ኣብመጨረሽትኡ ብ 25 ሕዳር 2004 ብደረጃባይቶ ኢትዮጵያ ነቲ ፍርዲ ኮሚሽን ዶብ ማሕበረሰብ ዓለም ብመትከል ንቕቦሎ ዝብል ብ 5 ነጥብታት ዚግለጽ ናይ ሰላም እማሜ ኣውጺኣም ኣለዉ።

ከምቲ ኣቦታትና ዝምስልዎ “ ካብ ስቡሕ ፍርዲ፡ ዕባራ ዕርቂ “ ቀደም ክሕሰበሉ ዝነበሮ ጉዳይ’ዩ፡ ፍርዲ ምስተዋህቤ ዘተ ዶ እማሜ ሰላም ትርጉም ዝህብን ትርጉም ዘለዎ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ናይ ዶብ ሕቶ በታ ዉሳኔ ኮሚሽን ዶብ ዝወስንዋ ስለ ትኸይድ ዘድሊ እማሜ ዘድሊ ኣዋጅ ስለ ዘየሎ ሕሩር መጻወቲ ፖሎቲካዊ ካርታ’ዩ። ህዝቢ ኤርትሪያ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ገጢምዎ ዘሎ ባህርያውን ስብ ፈጠሮ ጸገማቱ ካይፈትሕ፡ ንምዕብልናን ሙሉእ ዲሞክራስያዊ ሐርነት ካይ ስጉም ክልቲኡ ስርዓታት ብክሳዱ ሐኒቁ ነንሕድሕዱ ከፋሉስዎምን ክተሃኑኩትዎን ጸኒሖምን እንተ ኮይንሎም’ውን ክቅጽሉ’ዮም። ግዳማዊን ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ሕብረተሰብኣዊ ጸቅጥታት ክሕይሉኻ ከለዉ ስላም ክፍኽስኻ ከለዉ ሕጂ እኮ ኣበይ ከም ንዓርፍ ኣይንፈልጥን ኢና እንዳበልካ ኣካላዊን ስነ ኣእሙራዊ ኩናት ኣብ ልፅሊ ህዝቢ ኤርትሪያን ኢትዮጵያን ክካየድ ከም ዝጸንሔ ኩሉ ዝፈልጦ’ዩ።

በዚ ኣዋጅ 25 ሕዳር 2004 ጸጊቡ ዝሐድር ኤሪትራዊ ወይ ኢትዮጵያዊ የሎን፡ ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ከተግብሩ ዱሉዋት እንተ ኮይኖም፡ ቀሊል መገዲ’ዩ በሉ ንዑ እቲ ኣካላዊ ምሕንጻጽ ዉሳኔኹም ኣተግብሩ ንሕና ድማ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ክንፈጥር ድሉዋት ኢና ምባል’ዩ። ፖሎቲካ ዓድዋ ኣብ ዓድዋ፡ ፖሎቲካ ጸሎት ኣብ ጸሎት ይስርሕ ይኸዉን ኣብ ዓለም ግን ኣይስርሕን’ዩ።ንፈልጥ ኢና ካብዛ ብንጣስ እማሜ’ዚኣ ዝርከብ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ረብሓታት ከምዘለዋ፡ እቲ ዝርከብ ረብሐታት ረብሓ ናይ መራሕቲ ስርዓት’ዩ። ስርዓት ማለሊት ይኹን ስርዓት ህግደፍ፡ ኣየኖት ብህዝቢ ዚተመርጸን ን ህዝቢ ዘገልግል ባይቶ(ፓርላማ) ኸ ኣለዎም’ዩ ፓርላማ ዶ መንደፍ ዝብሉ ዘለዉኸ? ዋላ ነቲ እማሜኦም ክብደትን ተስማፅነትን ከም ዘለዎ ንማሕበረሰብ ዓለም ንምድንጋር’ዩ?

ህ.ስ.ግ.ኤ ከም ፖሎቲካዊ እምንትኡ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ማለሊት ስርዓት ዉሑዳን፡ ዘይዲሞክራሲያዊ፡ ሐደገኛ ምኻኑ ንፈልጥ፡ ብዋጋ ሰውራን ህዝብን ኤርትሪያ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን መጽዩ፡ ብዋጋ ሐርነታዊ ሰውራን ህዝብን ኤርትራ ድማ ክነብር

ይፍትን ኣሎ። ቀንዲ መሰናኽል ነቲ ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምእላይ ዝሳላሰል ዘሎ ሐርነታዊ ሰውራ ኣብ ዉሽጢ ሕብረተሰብ ኤርትራ እዚ ስርዓት ማሊሊት'ዩ።ዉሽጣዊ ጉዳያትና ባፅልና ካየነካይድን፡ ህዝብና ኣቓልብሉ ኣብ ምቕያር ስርዓቱ ካይጽመድ ዝተፈላለየ ማሕለኻታት ዝገብር ዘሎ።
ዘውትር ኣብ ኢትዮጵያ ፖሎቲካዊ ለውጢ ኣቀዲሙ ዚመጸ ብሕጂ ዝመጽእ እውን እንተ ኾይኑ እቲ ቀንዲ መናዓዓቢን ዋጋ እቲ ለውጢ ከፋሊ ኤርትራን ህዝባን'ዩ።ህ.ስ.ግ.ኤ ብሕጂ እዚ ዝተባህለ ካይድገም ኣትሪርና ንቓለስ። ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ዋናታቱ ስለ ዘለዉዎ ንኣኦም ገዲፍና እስከ ኣብ ጉዳይና ክንምለስ። ድሕሪ 25 ሕዳር 2004 እማሜ ሰላም ኢትዮጵያ ኣብ መራኽቢ ቡዙሓን ምኽልሑ፡ ገለ ካብ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን: ኤርትራዊያን ጽሓፍቲ ዓናቕጽ ዝተፈላለዬ ርእይቶ ክህቡሉ ሪኢና፡ ዝገርም ጉዳይ እንተሃሊዩ "ወዶን ወጸን ገባ ዚነበሩን ዘለዉን፡ ኣቶ ሕሩይ ተድላ ባይሩኡ" ኣብ ሕቕፎን መኽፈሊ ዶሞዝ ደብተር ማለሊት ዘለዉ፡ ኣውንታ'ዩ ኢሎም ነቲ እማሜ ዘሞጉስ ፈነዌ ዜና ምዝርግሖም'ዩ።እንታይ ኮይኖም ድኣ ኣቐዲሞም ነሕልቕቶም ዚኾኑ ወያኔ ዓገብ ዘይበልዎም? ኣቶ ሕሩይ በጃኽም ነፍስኽም ርድኡ ምስ ኣምላኽኩምን ነብስኹምን ተዓረቑ !ኤርትሪያ መኻን ኣይኮነትን ሐርነት ከልብስዋ፡ ክጋደሉላ፡ ክስውእላ፡ ክሃንጽዋ፡ ክመርሕዋ ዝኽእሉ ብጅዋት ትውንን ሃገር እያ።እቶም ካልኦት ድማ በጃኹም ኣካማስዕ ኣቢልኩም ምዘንዎ፡ ፖሎቲካዊ ዳርባ ዕዮ ቀሊል ኣይኮነን፡ ንፖሊቲካዊ ሃልኪ ተባሂሉ ሃለኽለኽ ካብ መኽሰቡ ክሳርኡ ስለ ዝብዝሕ፡ ኣብ ክንዲ ደድሕሪ ወያኔ ወይ ህግደፍ እዚኣ ጽብቅቲ እዚኣ ዘርጊ ክንብል ንውዕል፡መደባትና ንሐንጽጽን ነተግብር።
ኣብ ክልስ ሐሳብን ግብርን ፖሎቲካዊ ስነ ፍልጠት ነባሪ ጻላኢን ፈታዊን ዚብሃል ጉዳይ የሎን፡ ኩሉ ምስ ረብሓ ተቓያያሪ'ዩ፡ ታሪኽ ግን ነባሪ ዩ።ታሪኽን ፖሎቲካን ድማ ይጻላለዉ ምኻኖም ተፈሊጡ ኣድላይ ጥንቓቀታት ክግበሮሎም ይግባኣ። ትማሊ ትማል ተጻሒፉ ቀለሙ ዘይነቐጼ ተራ ጎራብብቲ ሃገራት እንዳተባህለ ዝጽሐፍ ዝነበረን ኣብኡ ምስውስው ዝብሃል ዝነበረን ህያው'ዩ። ዘይወግሕ መሲልዋ ኣብ ቦኽራ ትሐርእ ከም ዝብሃል ስዓት መጸ ገልበጥበጥ ጽቡቕ ኣይኮነን። ትዕግስቲ ኣርሒቕካ ምጥማት ኣብ ክንዲ ድሕሪ ወይ ጎድኒ ጎኒ ግዝየ ምኻድ ማዕረ ማዕረ ግዚየ ምኻድን ብመደብካን ክዉንነት ምቕያድ ክድልየና"ዩ።
እማሜ መንግስት ኢትዮጵያ ጻልጣ እማሜ ንውሳኔ ኮሚሽን ዶብ 100% ዘተግብር ኣይኮነን፡ ተለጣፊ ዘተ ኣብ ምምሕያሽ ዝምድናኣታትን ቁጠባን ኣብ ኣካላዊ ምሕንጻጽ ዶብ ቴክኒካዊ ጉዳያት'ዉን ኣልዒሉ ክዝተ ዝማጣጠር ወስታታትን ሕልናን ዘለዎ ይመስል፡ ኣብ እንተ ውይ ግን ኣቲኻ ዘዛርብ ደራኺ ኩነት ሕጂ የሎን።ኢትዮጵያውያን ግን እቲ ኣቀዲሞም ዝጽዕዱሉ ዝነበሩ ጉዳያት ዝደርበየ እማሜ ኣይኮኑን ኣሚሞሞ ዘለዉ። ሕቶ እቲ ብስንኪ ምሕንጻጽ ዶብ ዝምቕል ዓዲታት፡ ነባሪ ህዝቢ፡ ምጥቓም ወደብ፡........ወ.ዘ.ተ ኣሎ።እቲ እማሜ ንኣብ ክሊ ጠረጰዛ ኮፍ ክትብል ዓዳሚ ይመስል፡ ኮፍ ምስበልካ ግን ከም ዒላ ማይ ተገሊሉ ዘይውዳእ ይመስል። እቲ ብስንኪ ምሕንጻጽ ዶብ ኣብ ክልተ ዝምቕል ዓድታትን ህዝብን ዓድታትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራሕ ኣይኮነን፡ ዓድታትን ህዝቢ ኤርትሪያ እውንዩ፡ ብማዕረ ክልቲኡ ሃገራትን ህዝብታትን ዝትንክፍ ጉዳይ'ዩ። መንዩ ሕጂ ዝያዳ ሐላይ ኽኸውን ዝፍትን? እቲ ናብ ንቡር ዝምድናታት ምምላስ ሕቶ ካብ ስናይ ድሌት ዝተበገሰ ዘይኮነ ክልቲኡ ሃገራት ካብ ዝህልዎ ሓድሕዳዊ ባህርያዊ ጽግዕነኛታት ዝነቀለ ተቐሲቡ ክኣትዎ ምኻኑ ርዱእ ኽከውን ኣለዎ።
እቲ መስረታዊ መንቀሊ ግርጭታት ተኽስቶ ከምቲ ክልቲኦም መንግስታት ዝብልዎ ዶብ ካብ ኮነ፡ ጉዳይ ዶብ ድማ ብማሕበረሰብ ዓለም ዳንነት ካብ ተፈርደ፡ ዳያኑ ዝፈረድዎ መለስ ዋላ ኢሰያስ ክቕይርዎ መሰል የብሎሙን። ቀንዲ መንቀሊ ጉዳይ ፍጽም መዕለቢ ካይተገብረሉ እንኮሎ፡ ኣብ ካልእ ጉዳያት ምዝታይ ድማ ፖሎቲካዊ ሃልክታትን ዕንክሊል ካብ ምባል ሐሊፉ ካልእ ቁምነገር ዘምጽእ ኣይኮነን። ኩላህና ኤሪትራዊያን ኣብ ኣጣማምታን ኣታሓሕዛን እዚ ጉዳይ ጡንቁቓት ክንከውን ሃገራዊ፡ ህዝባዊ፡ ሞራላዊ ሓላፍነት ኣለና። ንጉዳይ ሃገርን ህዝብን ካብቲ ዘሎ ስርዓት ነጺልና ክንርእዮን፡ ካብ ውልቀ

ቅርሕታትን ፖሎቲካዊ ጥሙሓትና ፈሊና ክንርእዮ ይግባኣና።
ክምዚ ሓደ ህጻን ክበኪ ጸኒሑ ኣብ ኣፉ ካረሜላ ምስ ገበርካሉ ብኽያት ዘቕርጽን ብቐሊሉ ዝጥበር፡ ከምኡ ክንከውን ኣይግባእን ተሞክሮና'ውን ኣየፍቕደልናን'ዩ። ካብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝጥለብ ጉዳይ ኣሎ ኑሱ ድማ ሐድነቱ ኣትሪሩ ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምቕያር ክቃለስ'ዩ። ንሃገርናን ህዝብናን ኣብዚ ብቐሊሉ ሐንቢስካ ዘይውጻኣ ሽግር ዘእተወና እዚ ሕማቕ  ምልካዊ ስርዓት ብምኻኑ'ዩ።
ካልእ ንህዝብና ክንላበዎ ንደሊ ጉዳይ እንተሃል'ዩ ብስነ ኣእሙራዊ ኩናት ወያኔ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክትድሃል ክትፈርሀ ኣይግብእን፡ ዱሁላት ኢዮም፡ ስንፍና ሕማቕ ኣማሐዳድራ ዘይብቕዓት መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ መዝሚዞም'ዮም ኪደፍሩካ ዚፍትኑ ዘለዉ እንበር ስራሕ ቅያ፡ ተባዕ፡  ህዝቢ ሙኻንካ ይፈልጡኻ'ዮም።ሙሉእ ኣቓልቦኻ ኣብ ምቕያር ስርዓትካ ኣቶክር።መራሕቲ ወያኔ ኣቀዲሞም ኣብ መስርሕ ቃልሲ እንኮሎው ዝፈልጥዎ፡ ሕጂ ፖሎቲካዊ ስልጣን ምስ ሐዙ ዝረስዕዎ ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ሐደ ናይ ህላወን መንነትን ቃልሲ ብዝሒ ሰብ፡ ኣጽዋር ካልእን ወሳኒ ሮቓሒ ከምዘይኮነ፡ ኩናት ናይ ገዛ ርእሱ ሕግታት ከም ዘለዎን ከምዚ ሒዞሞ ዘለዉ እንተቀጺሎም ካብ ናይ ክልተ ስርዓታት ሓሊፍ ናብ ህዝባዊ ቃልሲ ክቕየር ከም ዝኽእል'ዩ።
ክፈልጡ ኣለዎም ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ይኽን ንሶም ንፖሎቲካዊ ስልጣን ዝመጽሉ ብልሐት ሐደ ምኻኑን፡ ብህዝቢ ተመሪጸም'ዉን ክምዘይ መጹ፡ ብኽምዚ ኣጋባብ ዝምጽእ ስርዓት ገዛእቲ ስርዓታት እንበር ህዝባዊ ስርዓታት ስለ ዘይኮኑ፡ እቲ ስርዓትን እቲ ህዝብን ሃገርን ክልተ ዝተፋላለየ'ዩ።ብጠንቒ ምስቲ ዘሎ ገዛኢ ስርዓት ዘይምቕዳው ኣሳቢቦም ሃገርናን ህዝብናን ነበረ ያ ነበረ ክገብርዎ ዝህቕኑ እንተኮይኖም እዚ ሕልሚ እንበር ጋህዲ ከምዘይክዉን ኣቀዲሙ ክፍለጥ ኣለዎ። ምኽንያቱ ኤርትራ ዋንነት ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራሕ ኣይኮነትን ወይ ኤርትራ ንጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ ወሊዳ ዝመኸነት ሃገር ኣይኮነትን።
ክልቲኡ እዚ ስርዓታት ኣብ ሰላማዊ ኩነታት ክነብር ስለ ዘይክእል ክሳብ ግዜ ሞቶም ብዕገርግር ክቕጽሉ እዮም፡ ብፍላይ ሕጂ ንክሞቱ ዝስሓግሉ እዋን ብምኻኑ ንክልት ሃገራትን ኣህዛብን ምስኦም ለኪሞሞ ንምውዳቕ እስትንፋስ ኣይክህቡዎን እዮም። ንስርዓት ወያኔ ክሻድን ዝገብሮ መሰረታዊ ሮቓሒ ሐደ ጉዳይ ኣሎ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ንሱ ድማ ክሳብ ሕጂ ናጽነትን ልዑላውነት ኤርትራ ብመንፈስ ይኹን ብኣካል ዘይተቐበሉን ዘይቀበጽን ገለ ኢትኒካዊ ጉጂለታት፡ ሙሁራት፡ ፖሎቲክኛታት፡ ውልቀ-ሰባት ኢትዮጵያውያን ኣለዉ፡ ዘውትር ናይ ኤርትራ ሕቶ ክልዓል ከሎ ምስቲ ስርዓት ዝነበሮም ፖሎቲካዊ ፍልልይ ደርብዮም ኣገልገልቲ እቲ ስርዓት ክኾኑ ዱሉዋት፡ ወያኔ ነዚ ሃጋፍ ናይ ዱፉናት ልቢ እንዳመዝመዘ እዩ ዕድሚኡ ከናውሕን ኩናት ከካይድን ዝህቅን። እዚ ክኣ ሎሚ ዘይኮነ ቀደም ንፈልጦ ጉዳይ'ዩ። ዋላ ብሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዝትካእ ስርዓት ክሳብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዘይኮነ ብዋጋ ኤርትሪያን ህዝባን ክጣላዕ ከም ዝኾነ ኩሉ ክፈልጥ ኣለዎ።
እቲ ግጭት ነባሪ መዕለቢ ክግበረሉ ዝድለ እንተ ኮይኑ፡ እቲ ኣስሐሓቢ ዝብሃል ዘሎ ዶብ ኣካላዊ ምምልካት ክግበረሉ ኣማራጺ ዘይብሉ ዛዕባይዩ።እዚ ዛዕባ'ዚ ኣብ ምልክት ሕቶ፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ምኻኑ'ውን ኩሉ ወገናት ክግንዘብ ኣለዎ። ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታት ሕቶ እንካን ሃባን ምኻኑ ሩዱ እዩ፡ ነቲ ሕቶን እንካን ሃባን ግን ዕጽው ዝገብሮ እቲ ኣቀዲሞም ክልቲኦም ስርዓታት ዝወሰድዎ ምርጫታት ንፍርዲ ምኻድ'ዩ።
ህ.ስ.ግ.ኤ ንክልቲኡ ስርዓታት ብሕግን ኣጋባብን ሕቶ ዶብ ክውድእዎ የገንዘቦም።
ህ.ስ.ግ.ኤ ኣብዚ ንጽር ክነቀምጦ ንደሊ ጉዳይ ኣሎ፡ እዚ መርገጺ'ዚ ንስለማዊ ኣጋባብ ኣታሐሕዛን ኣፋታትሓን እቲ ግርጭት ዝጻረር ወይ ንኣጋባብ ኣታሓሕዛ እቲ ጉዳይ ብ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ወይ ስርዓት ማለሊት ዝድግፍ ኣይኮነን። ካብ ሙሉእ ሓላፍነት ጉዳይ ሃገር፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቓ፡ ዓለምን ዓለምለኻዊ ሕግታት ዝነቐለን ንእኡ ዘሰስን መሰረታዊ መዕለብን ነባሪ ሰላምን ከምጽእ ዝኽእል መገዲ ኑሱ ስለዝኾነ'ዩ። ህ.ስ.ግ.ኤ ኣብ መሰራቲ

ጉባኤኡ ኣብ ታሕሳስ ናይ1999 እዚ ሕጇ ገጢሙ ዘሎ ምክርካራትን ዘይምርድዳት ካይመጽእ ብምግንዛብ ቃል ን ቃሉ ከምዚ ዝስዕብ ቢሉ ኣብ ቀዳማይ ህዝባዊ ኣዋጁ ኣሚሙ ነይሩ፥-

"እቲ ክስተታት ግርጭትን ኩናትን ሕቶ ዶብ እንተድኣ ኮይኑ፡ ኣብ ክንድ ብመሬት ጥራሕ ምዝራብ በቲ ኣብኡ ነባሪ ህዝቢ ምዝራብን፡ እቲ ኣብኡ ነባሪ ህዝቢ ብመገዲ ሪፈረንደም ዜግነቱን መንነቱን ክውስን ዕድል ምሃብ መሰረታዊ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል'ዩ" ዝብል ነይሩ። እዚ እማሜ'ዚ ክሳብ 2001 ኣብ ባይታ ፍታሕ ክሰርሕ ይኽእል ነይሩ፡ ሕጂ ግን ክሰርሕ ኣይክእልን እዩ ። ምኽንያቱ

1. እቲ ጉዳይ ብምንጎኝነት ዓለም ለኻዊ ሕግን ዳንነት ስለ ዝተወሰነ።
2. ኣብቲ ኣኻራኻሪ ቦታታት ዝነብሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ብኣስገዳድነት መንግስት ኢትዮጵያን እቲ ኣብቲ ቦታታት ዝተኻየደ ኩናት ን 5 ዓመታት መመላእታ ስለዝወጽ።
3. መተካእታ ዝተሰጉን ዝተዛናበሉን ዝሞቱን ኤርትራውያን ሰብ ርስቲን ጤሳን፡ ሓደስት ሰፈርት ኢትዮጵያውያን ስለዝተክእዎ'ዩ።

ሀ.ስ.ግ.ኤ ከም መፍትሕን ኣማራጽን ንኩናት ኣይርእዮን ኣይድግፎን'ውን።ክልቲኡ ሃገራት ካብ መላእ ዓለም ዝደኸየ ዝዳሓረ ተጸባይ ምጽኣት ስለ ዝኾነ፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ዝረኸበን ቁሩብ ቅራቦ ሓገዛት ኣብ ክንዲ መዕደጊ ኣጽዋር ዝጥቀመለን፡ ቀለብ ዓመትን ዝስተ ጽሩይ ማይ ኣፍ ህዝበን ክዓጽ ዝኽእል ዝተናውሔ መደባት ልምዓት ከካይዳ ይግባእ። ከም ክልተ ጎሮባብትን ኣሕዋትን ንዝኸሰተ ዘይ ምርድዳኣት ድማ ብዘተን ሕግን ክፈትሓኦ ከም ኣማራጺ ዘይብሉ መትከል ክኣምናን ክቅበላን ብግብሪ ዘዋጽኣን'ዩ።

ዘውትር ኢጋባብ ኣካያይዳ ቅድመተኸተል እንተ ተጋጊኻ ሕማቕ ሳዕቤናት ከም ዘለዎ ሩዱ'ዩ። ዘተ ክብሃል እንኮሎ ፍርዲ እንተተመሪጽ፡ ፍርዲ ምስተወሰነ ዘተ ዝብሃል እንተድ ኣ ዝብሃል ኮይኑ ገለ ዘይጉሉሕ ጸገም ወይ ኣጀንዳ ኣሎ ማለት'ዩ።

ማሕበረሰብ ዓለም ነዚ ጉዳይ'ዚ ክሽምግል ከዛቲ ከቓራርብ ብዝሕ ጽዒሩ'ዩ፡ ኩሉጻዕርታቱን ጥሙሓቱን ምስ ኣበርዓነ ግን፡ ንይግባይ ዘይብሉ ቤት ፍርዲ ንክምራሕ ገይሩተፈሪድውን። ክልቲኡ ህዝብታት ሰላምን ራህዋን ይደሊ ስለ ዘሎ፡ መራሕቲ ክልቲኡ ሃገራት ንክልቲኡ ህዝብታት ዝሰረቕምዎ ፖሎቲካዊ ስልጣን፡ ሓርነት፡ ሓጎስ፡ ተስፋ፡ ስናይ ጉርብትና፡… ወ.ዘ.ተ ምለስሉ ንዋኑኡ ዝኾነ ህዝቢ ኣረክቡ ንብል። ድሕሪኡ እዚ ክልተ ህዝብታትን ሃገራትን ከመይ ገይሩ ጸገሙ ይፈቲሕ ከርእየኩም ይኽእል'ዩ። ናይ ክልቲኡ ሃገራት ስርዓታት ፈታሕቲ ጸገም ዘይኮኑ ንገዛእ ርእሱም ጸገምን መንቀልቲ ጸገምን እዮም።ኣብ መዛዘሚ ዛዕባና ዓመት መጸ ሓደስቲ ተቓውሞታትን እማሜታት ኣይኮነን ዘዲሊ ዘሎ፡ ነቲ ዚተወስነ ኣብ ባይታ ምትግባር'ዩ ዝድለ ዘሎ። እዚ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ተኣዊጁ ዘሎ እማሜ ነቲ መፍቲሒ ጸገም ክከውን ኢሉ ተኣሚሙሉ ዘሎ ጸገም፡ ጸገም ዝውስኽን ግዜ ዝወስድን እንበር ኣብ ቦትኡን መስርዑን ዘሎ ኣይኮነን።

እቲ ፖሎቲካዊ ዕዮ ናይዝ ብዓል 5 ነጥቢ እማሜ ኢትዮጵያ ብፖሎቲካውን ድፕሎምስያውን መዳያት እንታይ ጽልዋን ኣድማዕነት ክህልዎ እዩ? ንረብሓ መን እዩ ? ብዋጋ መን እዩ ዝብላ ሕቶታት ክምለሳ ዝግብኤን እየን።

እቲ "ናይ ሰላም እማሜ' ተባሂሉ ተኣውጁ ዘሎ ካብ ሰናይ ድሌት፡ ግርህና፡ ሃንደበት ዝነቀለ ዘይኮነ ካብ ዘቤታዊን ግዳማውን ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ጸቅጥታት ኣብ ልዕሊ እቲ ስርዓትን ሃገርን ኢትዮጵያ ወሪዱ ዘሎ ካብኡ ዝነቐል እዩ። ማሕበር ሃገራት ዓለም ካብ ዘለዎ ሕጽረታት ፋይናንሳዊ ጸገማትን ጸዕቅን ግፍሕን ዕማምት ኣብ መላእ ዓለምና ዝነቀለ ነቲ ኣብ ምንጎ ኢትዮጵያን ኤርትርያ ዘሎ ሰራዊት ዓቓቢ ሰላም ኣብ ካልእ ቦታታትን መዓላታትን ከውዕሎ ይደሊ ስለ ዘሎ፡ ኣብ መንጎ እዚ ክልተ ሃገራት ኣብ ዝሓጸረ ግዝያት ኣካላዊ ወይ ጽሑፋዊ መዕለቢታት ክገብረሉ ገሊኡ ወገናት ጽቕጥታት ክገብር እንኮሎ፡ ገሊኡ ድማ ክዘርግ ጸኒሑ እዩ። ኣብቲ ከባቢታት ናይ ዳርፎር (ሱዳን) ኩነታት ኣብ ዝላዓለ ጥርዚ በጺሑ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቅ ውን ናይ ፍልስጤማውያን ሃገራዊ ጉዳይ፡ ናይ ዒራቅ ጉዳይ፡ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ናይ ግብረሽበራዊ ጉዳያት ገና ዝኸነ

መዕለቢ ኣውንታ ኣንፈት ከይሐዘ ይኽይድ ስለ ዘሎ፣ ረብሓታት ምዕራባውያን ኣብ ወሽመጥ ዓረብን ቀርኒ ኣፍሪቃ እንዳቶሎከተ ይኽይድ ምህላውን እቲ ግብረሽበራዊ ንጥፈታት ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብቀሊሉ ክናኻኽስ ይኽእል እዩ ዝብል ፖሎቲካውን ወትሃደራዊ ገምጋማት ስለ ዘሎ፣ ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ሄግ ኢትዮጵያ ክትቁቦሎ ዘይተማጣጠነ ጽቅጥታት ክግበረላ ጽኒሑ እዩ። ብዓቡኡ ኢትዮጵያ ካብ ውድብ ዓለማዊ መግቢ ፕሮግራም እቲ ረኽቦ ዝነበረት ረዲኤት ቀለብ ውን እቲ ዓለማዊ ውድብ ሕጽረታት መወልቲ ስለ ዘለዎ ንዓመተ 2005 ብ 30% ክንክዮ ምኻኑ ተነጊርዎም ኣሎ፣ እቲ ብዓለማዊ ባንክ ንዝተናውሔ መደብ ልሞዓትን ዳግመ ህንጻ ዝምወል ቀጻልነቱ ክራጋገጽ ኣለዎ ብዓቢኡ ካብ 1998-2004 ዓ.ም ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ ኣፍደጌ ባሕሪ ጅቡቲ ባርባራ መንባሳ ብምኽንያት ራሕቂ ኣግልግሎት ጊዜ ዘይተኣደኔ ቁጠባዊ ክስራታት ኣውሪድሎም እዩ። እቲ ኢትዮጵያዊ ናይ ተቃውሞ ደንበ እውን ካብ ዓቅሚ ምቅጽጻሮምን ምጽዋሮምን እንዳወጼ ይዓቢ ኣሎ፣ ብዓቢኡ ድማ ኣብዚ መጨርሽታ ዓመት ሃገራዊ ምርጫ ስለዘለዎም መስተንፈሲ ጊዝየን መቃለሊ ዓለማዊ ውሽጣዊ ጽቕጢ ሜላ መቀጸሊ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ይድለ ስለ ዘሎ እዩ። ገጢምዎም ዘሎ ብድሆታት ከቃልሉ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ብወግዒ ዝነጸግዎ ፍርዲ ዶብ ብመትከል ተቀቢልናዮ ኣለና ብምባል ዘተ ዝብል ጫሌዳ ኣስንዮም፣ እቲ ናይ ክትቆልቦ ሃለኽለኽ ዘብል ፖሎቲካዊ ዕዮ ንምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ሰንዴሙሉ ኣለዉ። ማሕበረ ሰብ ዓለም ኩናት ዝብል ቃል እዩ ዝጸልእ እንበር ሰላም ዝብል ቃል ስለ ዘይ ጸልእ ብቃል ሰላም ኩናት ክካየድ ጸገም ኣይክህልውን እዩ ንግዚኡ እውን ክሰርሓሎምን ክጥቀሙላን እዮም። እዚ እዩ እቲ ጽልዋን ረብሓን ናይቲ እማሜ ፖሎቲካዊ ዕዮ ጽልዋን ኣድምዕነትን።

ነዛ እማሜ እዚኣ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተቀቢሉ ክሰርሓላ እንተ ፈቲኑ፣ ዝበልዎ የተግብር ስለ ዘሎ ረብሓ ክልቲኡ መራሕቲ ስርዓታት ብዝያዳ ድማ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ መንቓቕሮ ኣትዩ ስለ ዘሎ ተርብሖ እያ፣ እንተ ንሃገርን ህዝብን ግን ፍጽም ክሳራን ዘይነጽፍ መዘዝ ዘለዋ እያ። ምኽንያቱ ምስ ናይ ምግዛኣ ሕልምታትን ደግስታትን ዘለዎም ስርዓታትን ኣህዛብ ሕድገታት እንዳገበርካ ኣብ እትኸደሉ ጠለባቶም እንደበዝሐ ስለ ዝኸይድ እዩ፣ ዘውትር ኣብቲ ሎሚ ዝበልዎ ዝሕጸሩን ጠጠው ዝብሉን ኣይኮኑን። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕጂ ንሕብረካ ኣለና ክትሓስበሉን እንተኣጋጢሙ ክትዓግቶን።

እማሜ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዋጋ ተቓወምቲ ፖሎቲካውያን ውድባት፣ ህዝቢ፣ ሃገር ኤርትራ እዩ ዓወታት ክሓፍስ ሃነፍነፍ ዝብል ዘሎ፣ ከምቲ ኣብ ምእተዊ ዛዕባና ዝገለጽናዮ ኢትዮጵያውያን ብዋጋ ህዝቢ ኤርትርያ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ምምጻእን ምንባርን ካብ ኣቦሓጎታቶም ኣትሒዞም ዝለመድዎን ዝሰርሕሉን እዮም እሞ ሎሚስ ይኣኽለኩም ናይ ምባል መሰልን ግቡእን ኣለና።

መዛዘሚ ዛዕባና ንህዝብና ምሕጽንታ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንጎ ክልተ ቃራና መገዲ ኢኻ ዘለኻ ክልተ ግዳማዊ ውሽጣዊን ጸላእቲ እውን ኣለውኻ፣ ክትስጉም ዝዕንቅፈካ ዘሎ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርካ ካይኣለኻ ነቲ ኣብ ማዕዶ ዘሎ ጸላኢ ክትምክት ኣይትኽእልን ኢኻ። ቀዳማይን ቀንዲ ምንጭታት ሽግርካ እዚ ዘሎ ስርዓት እዩ፣ ነዚ ክትኣሊ እንተዘይተላዒልካ እቲ ሽግራትካ ቀጻሊን ሕማቅ ስዕቤናት ዘለዎ እዩ።

## <u>ህዝቢ ኤርትሪያ ሕጂኸ ናበይ?</u>

ኤርትሪያን ህዝባን ኣቲዎ ዘሎ መድረኽ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊን ማሕበራዊ ሃዋህው ኣዝዩ ተኣፋፊን ኣብ ምሕንቆ ቑሱብ ንዕንወት ወይ መሰረታዊ ለውጢ ይርከብ። እቲ ማሕበራዊን ማእቶታዊንግርጭታት ሕብረተሰብ ኤርትሪያ ኣብ ዝላዓለ ጥርዙ ዓሪጉ ግብረ መልሲ ባዕላዊ ክውንነትን ብስለትን ዘማዕድወሉ ዘሎ ናይ ጽልግልግ ህሞት'ዩ። ሕብረተስብ ኤርትሪያ ከም ነፍስወከፍ ሕብረተሰባት ዓለም ውሽጣውን ግዳማውን ፍሕፋሐ

ግርጭታቱ ዘበገስዎ ዝላ ምዕብልና ወይ ዉድቀት ከም ግብርን ተርእዮን ክገጥሞ ግድነታዊ'ዩ። ምዕብልናታት ንኣሉታ ኣንፈት ካይዛዝው እቲ ሕብረተሰብ ክጻወቶ ዝግብኣ ኣዝዩ ወሳኒ ግዴታት ኣሎ። ግዴታቱ ብግቡእ እንተ ዘይገይሩ፡ ጉዳያት ምዕብልንኡ፡ መጻኢ ዕድሉ፡ ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊን ባህላዊ ሂወቱ ብካልኦት ኣህዛብ ወይ መንግስታት ይውሰነሉ፡ ንመዋእሉ ድማ ክሳቀ ወይ ክጋደል ክነብር'ዩ። ህዝቢ ኤርትሪያ ናይ ካልኦት ሃገራትን ናይ ገዛእ ርእሱ ተሞክሮ ዘለዎ'ዩ። ኣብ 1950 ታት ነቲ ናይ ኤርትርያ ናብ ክልተ ምምቕቓል ተቃሊሱ እካ እንተሰገሮ፡ ነቲ መጻኢ ዕድላቱን ሂወቱን ባዕሉ ዘይኮነ ማሕበር ሃገራት ዓለም'ዩ ብፌደረሽን ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ንክቑረን ዝወሰነሉ። ዳግም ዝሐለፈ ኣሰቓቒ ተሞክረና ካይድገም ግዴታቱ ህዝቢ ክፍጽም ንጡፍ ክከውን ኣለዎ።ዝኾነ ሕብረተሰባት ኣብ ክልተ ክፋልታት'ዩ ዝምቀል፡ እቲ ዝበዝሔን ኣድማዕን ንመላእ ዕድሚኡ ናብሩኡ፡ መሰላቱ፡ ዕግበታቱ ን ህላዊኡ ንምርግጋጽ ማሕበራዊ ተጋድሎ እንዳሳለሰሌ ዝሓልፍ ዝትካእ ክከውን ከሎ፡ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ኣባላቱ ድማ ሂወቱ ብመዘወር ፖሎቲካዊ ስልጣን ብምቁጽጻር ክውስኑ እንዳተቃለሱ ዝሓልፉን ዝትኩን ፖሎቲከኛታት እዮም። ዘውትር እቲ ንቅሎ ማሕበራዊ ግርጭታት ድማ ካብ ምጉዳል ረብሓታት ዝብገስ ኮይኑ ኣብ ምንጎ ገዛኢን ተገዛኢን ደርባዊ ቃልስታት ዘውትር ይካየድ። መልክዓት፡ ትሕዞ፡ ቅልጣፌን ምዱንጋይ እቲ ዝካየድ ቃልሲ ድማ ብህሉው ባይታን ተሳትፎ እቲ ሕብረተሰብ ይውስኖ።ኣብ ኤርትሪያ እቲ ህሉው ውድዓዊ ባይታ ዝተዓደነን ንክትቃለስ ወጣጥን ንፍርያት ዝተጋለጸ'ዩ፡ እቲ ተሪፉ ዘሎ መን ይጽጋኣዮ፡ መን ይኅልጉሎ፡ መን ይዝራኣዮ፡ መን የጋስዮ፡ መን ይዕጸዶ፡ መን የኽዶን የዝርዎን ይሕፈሶን'ዩ ተሪፉ ዘሎ። እዚ ተሪፉ ዘሎ ባዕላዊ ኩነታት ናይ ፖሎቲከኛታት ጉዳይ ጥራሕ ዘይኮኔ፡ ናይ ቑንዕን ንጽርን ፖሎቲካዊ መሪሕነትን ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢን'ዩ። ወዲ ሰብ ከም መሸላ ክዕጸድን ክረግፍን ክእሰርን እንዳዋዓለ ክሳብ ግዲኡ ትበጽሖ ክጽቅጥን ክሕባእን ክሃድምን ዝነብር እንተ ኮይኑ፡ መሬት እንታይ ክትወልድ እያ ፍሉጥ'ዩ። እቲ ክውንነት ህግፈትን ብንጽር እንዳተፈጠ ከንሱ ድልውነት ዝመኽን እዩ።
ኣባላት እዚ ህዝቢ ኤርትሪያ ዝኾኑ፡ ከም ሓለይቲ ን ተሐለቅት ህዝቢ ንነብሶም ወሲዶም፡ ህዝቢ ተዋሪዱ፡ ህዝቢ ጭቕና በዚሕዎ፡ ህዝቢ በዚ ስርዓት ርዒዱ...........ወ.ዘ.ተ እንዳበሉ ክግዕሩን ወረቐት ክሕንጡጡ ዝውዕሉ፡ ናይ መጻኢ ፖሎቲካዊ ስልጣናት ክማቓርሑ፡ ብስም ጭቑን ህዝቢ ክነግዱ ዝውዕሉ ዉሕዳት ኣይኮኑን። ንጸገማት ህዝቢ ክፈትሕ ዝተወልደ ሰብ የሎን፡ ምስተወልደ ካብቶም ጽጉማትን ጭኩናት ይኸውን እሞ፡ ምስ ክምኡ ጽጉማትን ጭቁናትን ተላፊኑ ጸገሙ ክፈትሕ ይቃለስ፡ ኣካል ናይቲ ህዝብ እዩውን፡ ስለዚ ጸገም ህዝቢ ብቃልስን ምሉእ ተሳትፉኡ ህዝቢ እዩ ዝፍታሕ። ህዝቢ ኤርትሪያ ጸገማቱ ካሎኦት ክፈትሕሉ ዝጽበ እንተሃልዩ ዝኸውን ጉዳይ ኣይኮነን።ካልእ ሐዲግካ እቶም ተሐለቕቲ ኣምሲላን ኣብ ዕቱብ ቃልሲ ንነብሶም ጸሚዶም እንተዝቃለሱ ነዚ ምልካዊ ስርዓት ክቅይር ዘኽእል ብዝሒ፡ ዓቕሚ ብዓይነት፡ ነገራዊ ትሕዝቶ ኣለዎም እዩ። ናይ ዘረባን ውልቃዊ ረብሓን ብሙኻኖም ግን ኣይጋደሉ ኣየጋድሉ። ንሕልናታቶም መርግእን ሓለይቲ ተመሲሎም ኣብ ቅድሚ ሰባት ክርኣዩ ግን መዓልታዊ ህዝቢ ክብሉ ይውዕሉ።
ህ.ስ.ግ.ኤ ኣብዘን 4 ዓመታት መውእል ቃልሱ ዘይተኣደን ትዕዝብታትን ተሞክሮታት እዩ ዘለዎ።ተሞክሮታትና ጸዊካ ዝውዳ እካ እንተዘይኮነ፡ ሐደ ሐደ ምጥቓስ ኣገዳሲ'ዩ።
ምሳና ሓቢሮም ንቃልሲ ዝተበገሱ ኣብ መንጎ ዘቓረጽ፡ ዝሃደሙ፡ ዘውሃቦም መደብ ዕዮ ክዓምዎ ዘኽእሎም ባይታን ዓቕምን እንዳሃለዎም ከንሶም ዘፍሽልዎን ሃገራዊ ግቡኣቶም ዘይፍጽሙ።ብስም ህ.ስ.ግ.ኤ ፖሎቲካዊ ዕቅባ ሓቲቶም መንበሪ ወረቀትን መዕቖቢ ሃገር ዝረኸቡን ኣንጻርናን ኣንጻር ህዝቦም ጠጠው ዝበሉውን ውሕዳት ኣይኮኑን። ኣብ ውሽጢ እዚ 4 ዓመታት ህ.ስ.ግ.ኤ ካብ ህዝቢ ይኸን ካብ ተቓወምቲ ሓይልታት ዝረኸቦ ቅንጣብ ሓገዝ ፍይናንሳዊ፡ ነገራዊ፡ ሞራላዊ የሎን።ብኣንጻሩ ህ.ስ.ግ.ኤ ካይስስን ተፈላጥነት ኣብ ህዝቢ ኣብ ደገ ዝነብር ካይረክብን ክንጸልን ምዓት ናይ ጸለሜ ኅስጋሳት እዩ ዝካየድ። ኣብ 2000 ን 2004 ዓ.ም.ፈ. ዝተኻየድ ፌስቲቫላት ተቓወምቲ ውድባት ምስ ህዝብና ኣብ ደገ

ዘሎ ክንላሌ ተባሂሉ ንገለ ውድባት ባይታ ክፈጥሩልና ተሐቲቱ ነይሩ፡ ኣንካይዶ ክፈጥሩልና እንቢ ዚብል መልሲ ውን ኣይሃቡናን። ዝገርም ጉዳይ እንተሃልዩ እቶም ባይታ ክህቡና ዝሐተትናዮም " ህዝባዊ ኣኼባታት ከተካይዱ ኣለኩም ኢሎም" ዝምዕዱና እዮም። እዚ ንታሪኽ ተባሂሉ ቑንጣሮ ዝንገር ዘሎ እዩ እንበር ካልእ ውን ኣሎ። ግዜን መድረኽን ባዕሉ ዝጸውየሉ ክመጽእ እዩ።
ጉዳይ ህዝቢ፡ ሃገር ዘሻቕሎ ፖሊቲከኛ፡ ዜጋ ወይ መልእ ህዝቢ እንተዳኣ ኣሎ እቲ ሜዳን ፈረስን ህሉው'ዩ ተወጢሑ ከጋልቦ ክሳብ ድሉው ዘይኮነ ዝግበር ነገር ውሱን እዩ። እቲ ዝኸፍኤ ዘዋረናዮ ተሞክሮ እንተሃሊዩ ሃገራዊን ዲሞክራሲያዊን ጉዳያት ኣጸጊዕኻ (ሐዲግካ) ኣብ ምዕባይ ውድብካን ፖሎቲካዊ ጽልዋኻን ረብሓታት ምትካር እዩ። ሓመድ ዕደ ኣይተረኸበን! ኣዕናዊ ዝንባሌ ምኻኑ ስለ ንፈልጦ ኣይክንውዕሎን ኢና። ካብ ኣብክምዚ መዓላን ዝንባሌን ሃለኽለኽ ክንብል ዕድሜና ነሕልፍ መጸግዒ ቡዙሕ ተኸእሎታት ኣሎና፡ ኣብኡ ምርጫታትና ምድራት ይሕሸና።ብሕጽር ዝበለ ኣዛራሪባ እቲ ኤርትራዊ ውድዓውን ባዕላዊን ክውንነት ክምቲ ዝተጠቕስ እዩ ህዝቢ ክውስን ኣለዎ ክብገስ ኣለዎ ንኩነታቱን ስርዓቱን ክቕይር።ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኩሉ እቲ ሃገራዊን ህዝባውን ዓለምለካዊ ጺጋታት ኣብ ኢዱ እዩ ዘሎ።ማሕበረሰብ ዓለም ንኡኡ እዩ ከም መንግስቲ ፈሊጡ ሐገዛት፡ ለቕሐት፡ ክልእን ዝህቦ። እቲ ስርዓት ውን እኹል ንፖሎቲካዊ ስልጣኑ መቓጻጸሪ ዝኸውን ሓይሊ ጉልበት ሰብ፡ ኣጽዋር፡ ገንዘብ፡መካኒዝም ኣለዎ። ነዚ ስርዓት'ዚ ንምፍንቃል ካልእ እካ እንተዘይተረኽቤ ምድንጋጻት ህዝቢ ክህሉ ዓቢ ሓገዝ ምስ ኮነ ነይሩ። ህዝቢ ንሃገራዊን ህዝባዊን ጉዳይ ጉዳይ ውልቖ ሰባት ዚቖጽሮን ዝርዶኦን እንተ ኮይኑ፡ ሕጂ'ኸ ናበይ ገጽ'ኻ ኢ'ኻ ህዝብና ክንብል ንደሊ።

## ንሓድነታዊ ምቅርራባት ምዝታያት ተቃወምቲ ፖሎቲካዊያን ውድባት ስለ ዝደለይአ ዘይኮነስ መድረኽ ዝጠለቦን ዘገዶዶን ሕቶ"ዩ!

ኣብ ዓመት 2004 ዝተፈላለየ ምዕብልናታት ኣብ ፖሎቲካ ደንበ ተቃወምቲ ኤርትሪያ ተጋሂዱ ኣሎ። እቲ ዝተጋህዴ ምዕብልናታት ኣውንታን ኣሉታን ዝጠመረ ኮይኑ ገና ኣብ መስርሕ ምጭባጥን ምዝርጋሕን ጉዕዞ ይርከብ። ኩሉ ውድባት ነቲ ሓድነታዊ ድሌት ህዝቢ ኤርትሪያ፡ ዓቕምታቱ፡ ድሌታት ጎሮባብቲ ሃገራት ተገንዚቡ ገለ ነዚ መዝሚዙ ክዓቢ ዚደሊ እዩ፡ ገሌ ድማ ነዚ ኣለልዩ ኣብ ክንዲ ንሃገርን ህዝብን ጸገም፡ ፈታሒ ጸገም ንክበቕዕ ዝጣራነፍ፡ ገሌ ድማ ረብሓታቱ ኣብ ልዕሊ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ንምርግጋጽ ላዕልን ታሕትን እንዳበሌ ዝጣራነፍ ዘሎ እዩ።
ሓድነት ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ህዝብን ሃገር፡ መንግስትን ህዝብን እስትራተጂ እንበር ስልቲ ኣይኮነን። ውድባትን መንግስቲ ግን መቃለስን መምሓዳደሪ ስልቲታት እዮም። መድረኽን ህዝብን ሓድነት ስለ ዝጠለበ፡ ብንጣስ ወረቐት ሕንጥጥ ሕንጥጥ ኣቢልካ ፍላን ውድብ ምስ ፍላን ውድብ ብሓባር ክሰርሕ ወይ ፍጽም ስምረትን ምትሕንፋጽ ገይሩ ኣሎ እንዳበልካ ምእዋጅ ምዓልታዊ ዘበን-ኣምጽኦ መግለጺታት ኮይኑ ኣሎ። ንህዝቢ ብጌጋ ሓበሬታ ምድንጋር ብሕግን ሞራልን ገበናት'ዩ። ንፖሎቲካዊ ውድባት ዝፈላሊዮም ኣፋጥጥራን ኣታሃላሊዋ ዘይኮነ፡ ዘለወን ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮታት፡ ራኢታት፡ ስልትታትን ስትራተጅን እዩ።በዘይካ ብሐደ ክንሰርሕ ተሳማሚዕና ወይ ፍጽም ምትሕንፋጽ ጌርና ዝብል መግለጺ ካልእ መወከሲ ዝኸውን ዝርዝራት ከም ዘይብሉ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ገሊኦም ክኣ ፍጽም መጣዓዓሚን መጋዓዓዚ ታሪኽን ኣራኣእያታት ዘይብሎምን እዮም። ገሊኦም ካብ ዝነበርዎ ውድብ ሐዲጎም ካልእ ውድብ ዝሰርሑ፡ ገሊኦም ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትሪያዊ ሃገራዊ ምሕዝነት ዝነበሩ ገና እውን ዘለው ገለ ዘይነበሩ....... ወ.ዘ.ተ.እዮም።

ስግር እዚ መስርሕ እዚ ብሓሳብን ሕልናን ዝሃለሉ ውድባት ውን ኣይተሳእኑን። ጉዳይ ሃገርን ጉዳይ ሐድነትን ናይ ገዛኣ ርእሶምን ውድቦምን ሓላፍነት ወሲዶም ሕፍር ካይ በሉ ንጉዳይ ሐድነት ውድባት ዝውስኑን ዘፍቅዱን 4 ውድባት ጥራሕ እየን ኢሎም፡ ብኢደ ዋኒኖም ናይ ወቕፊ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝወሰዱን ዝኣወጅን ተመሊሶም ኣብ ንቡር መስርሕ ዕንኪሊሊታቶም ዝተደቕደቑ እውን ሪኢናን ተገንዚብናን። ነዚ ዝኸይድ ዘሎ ምድንጋራት ኣገንዚቡ ዝተጻሕፈ ደገፌታ ወይ ነቕፌታ ውን ነቢብና ኩሉ በዘይካ ምድንጋራትን መሕለፊ ግዚ ተጨባጢ ቑምነገር ስለ ዘይብሉ ኣብ ዝርዝራት ኣቲና ክንትንትን ኣይንደልን። ህዝቢ ካይዳነገርን በዚ ተዛናጊዑ ስርሐቱ ካይቦክር መብርሂ ክንገብረሉ ንመርጽ።

ቀዳማይ፡ እቲ ውድባት ተላፊና፡ ተሓናፊጽና እንዳቤለ ዝእዉጅ ዘሎ ከም ውድባት ዝተማልኤ ቅርጻ ዘይብሉ፡ ምምቅቃላትን ሃዶሽዶሻት ምስ ገጠሞ እቲ ውድብ ሂወት ከም ዘለዎ ንምርኣይን ህላዊኡ ንምርግጋጽ ዝካየድ ፖሎቲካዊ መናወራ እዩ።

ካልኣይ፡ ስርሓት ሐደ ውድብ መሰረታት ውድብ እዮም ዝሰርሕዎ፡ ኣባላት ዘይብሉ ውድብ መሪሒነት ተዛቲዩ ውይ ስሚሩ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ? እቲ ውድባት በዘይካ ርእሲ መሐውራት ዘለዎ ኣይኮነን፡ ምሓውራታተን ካብ ለኸበጥበጥ መሪሕነታቱ ዝስልከዩን ናይ ግብራዊ ምቅላስ ተስፋ ዘይብሎም እዮም።

ሳልሳይ፡ ምናልባሽ እቲ ዝዓበየ ውድብ ዝብሃል ካብ 700 ዘይበዝሑ ቀወምቲ ኣባላት ኣለዉዎ፡ ዝነብሩሉ ጂኦግራፊካዊ ቦታ ኣብ መላእ ዓለም ፋሕ ዝበለ፡ ንኣብ ከብቢኦም ዝነብር ህዝቢ ከእምኑን ክጥርንፉን ዘይክእሉ፡ መብዛሕትኦም ሚእታዊት (95%) ካብ 45 ዓመት  ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ዝግምገሙ እዮም። ሞያ ባህርያት ትጽቢታት እዚ ሓድሽ ዘሎ መንእስይ ወሎዶ ኣብ ክንዲ ብመንጸር ክውንነት መዚኖም ክፈልጥዎ ክንቅሕዎ ክውድብዎ ክጋድልዎ ዝፍትኑ፡ ብመንጸር እቲ ንሳቶም መንእሰያት ዝነበርሉ ወሎዶ ብምውድዳር ክመዝኑ ዝፍትኑን ክይተፈሎጠም ኣብ ስውር ግርጭታት ዚኣተዉ እዮም።

ራብዓይ፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ስደት ምንባር ዝነቀለ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ማሕለኻታት፡ ኣበሳታት፡ ተነጽሎታት፡ ተስፋ ምቕራጻት ዘሰነፎምን ዝገዝኦምን'ዮም።

ሓሙሻይ፡ ንቃልሲ ኣብ ትርፊ ዝህልዎም ጊዜ ሕልኖም ንምርካእ ዘበርክትሉ እንበር፡ መላእ ጊዚኦም ኣብ ሂወቶም ምምራሕ ዝተጸምዱ ሕዝካ እንታይ ክግበር ይካል።እዚ ጽውጽዋያት ኣመል ካይውሰድ እንተትሓድገ ይሓይሽ። እቲ ናይ ሓድነት ጉዳይ ስለ ዝተደልየን ስለ ዝግብእን ውድባት ኣሚነን ዝኣትዋኦ ዘለዋ ጉዳይ ኣይኮነን፡ እንታይ ድኣ ኩነታተን ኩነታት ምልካዊ ስርዓት ጠለብን ድሌትን ህዝቢ ስለዘገደደን እዩ።

ጉዳይ ሃገር ጉዳይ ሓድነት ጉዳይ ምልዋጥ ስርዓት ንውድባት ጥራሕ ዝምልከት ዛዕባ ኣይኮነን። ንህዝቢ ኤርትሪያ እዩ ቀዳማይ ዝምልከት ስለ ዝኮን፡ ውድባት ኣብ ክንዲ መፍቲሒ ጸገማት፡ ጸገማት ዝኾና እንተኮይነን ህዝቢ መሰልን ጉንያታትን ኣለዎ ጉዳዩ ባዕሉ ከሳላስል።ንምልካዊ ስርዓት ይኽን ነዘን ውድባት ኣይተድሉዩናን ኢኽም ኢሉ ብዝጥዕሞመገዲ ጸገማቱ ባዕሉ ክሕዝን ክፈትሕን።

ብኣንጻር እዚ ኣንጻር ምርድዳኣት ንሓድነት ዝኸይድ ወገናት እውን ኣሎ።ንህዝቢ ኤርትሪያ ብኣውራጃ፡ ሃይማኖት፡ ቀቢላ፡ ውልቓውን ጉጅላውን ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ሞራልዊ ረብሓታት ንምግባት ዝፋታተንዎ። መደባት ፖሎቲካዊ ዕዮ ጎሮባብቲን ስግረ ጎሮባብቲን ሃገራት ኣብ ውሽጢ ሃገርና ከተግብሩ ዝተፈላለየ ሽርሕታት ስሪኦም ዓጢቆም ህርዲግ ዝብሉ ጸረ ሐድነትን ሃገርን ውን ኣለዉ። እዚኣቶም ብደጌ ስለዝምወሉ እኹል ነገራዊን ፋይናንሳዊን ዓቅምታት ስለ ዘለዎም ብዘምቕራጽን ብጽዕቅን ተንቓሳቒሶም ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ዓለማት ኣኼባታት ብምክያድ ነቲ ጻዕሪ ሕድነት ክዘርጉን ከዳናግሩ ክምዝኸእሉ እውን ፍሉጥ እዩ። ብሓፈሽኡ እቲ ዝኸይድ

ዘሎ ጉዳይ ሐድነት፡ ልፍንቲ፡ ግንባራት ዝብሃል ዘሎ ክቢድ ኣስማት ዝተጠመቀ እንበር ንዕዮን ትግባሬን ዝተዋደደ ኣይኮነን። ካብ ዘይምህላውን ምፍታንን ትም ምባል ዝምረጽ ኣይኮነን። ኣብ ዚ ዝካየድ ዘሎ ምርድዳኣትን ምዝታያትን ኣውንታ ጉዳይ ኣለዎ። እቲ ኣውንታዊ መዳዩ ኣብ ፖሎቲካዊ ንጥፈታት ኤርትሪያዊያን ኣብ ሐደ ክሊ መዛተዪ ስደቃ

ኮፍ ኢ.ልካ ምዝታይን ሓድሕድ ፖሎቲካዊ ዝንባሌታትካን ጥሙሓትካን ምልላይ እዩ። ኣብ ፖሎቲከኛኣታት ኤርትሪያ ቦኺሩ ዝጸንሔን ዘይዝውትርን ይጀማመር ምህላዉ እዩ። ኩሉ ነገር ክሳብ ዝተጀመሬ እንዳተለምዴ ክኽይድ ከም ዝኽእል ብምግንዛብና እዩ።ህ.ስ.ግ.ኤ ኣብዚ ጉዳይ እዚ መዛኒን ተዓዛቤን ጥራሕ ኣይኮነን፡ ብኣካል ዝተሳተፈሉን ተሞክ
ሮታት ዋላካ ዓቢ እንተዘይተባህሌ ዝደለበሉ ተመክሩኡን ተምክሮ ክልኦት ብምድማር እዩ ነቲ ክውንነት ክገልጽ ክግምግሞን ዝተገደደ።
ዘውትር ዝሓለፌ ቶሞክሮና ከምዘይናትና ክንዝንግዖ የብልናን። እቲ ካብ 6 መጋቢት ናይ 1999 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 22 ጥቅምቲ 2002 ዓ ም ዝኸደ ምሕዝነት ናይ 10 ውድባትን 2 ውልቀ ሰባትን በዘይካ ሃለውሎው እንታይ ኣፍርዩ? ካብዚ ምሕዝነት ናይ ሓደ ውድብ ምስሓብ እውን ሃዶሽዶሽ ከምዚብል ገይርዎ። 10 ውድባት ተጠርኒፉ ሞያ ዘይገበሬ፡ ብሐደ ወገን 5፡ 5፡ 4፡ 3፡ 2 ደንበታት ተማቃቂሉ እንታይ ትጽቢታት ይንበረሉ? ዋላሕንቲ! ኩሉ ዝኽይድ ዘሎ ንፖሎቲካዊ ሃልክታት እንተዘይኮይኑ ኣድማዒን ፈታሒን ን ጸጋማት ኤርትሪያ ኣይኮነን። ገለ ገለ ሓለምቲ በዚ ኣቢ.ልካ ንሃገራዊ ዋዕላ ናይ ተቃወምቲ ፖሎቲካዊ ውድባት ንምብጻሕ የኽእል እዩ ዝብሉ እውን ኣይተሳእኑን። እዚ ሕልሚ'ዚ ክብጻሕ ነዊሕ ግዝየ፡ መስርሕ፡ ዕዮ ዘድሊዮ እዩ። ሃገርን ህዝቢ.ን ግን ብመቅተልቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ብኩናት፡ ብጥሜት፡ ብሕማም ይረግፍ ኣሎ። ክሳብ ተቃወምቲ ዝጣረነፉን ኣብ ዕቱብ ስርሓት ዝኣትዉ ክጽበን ክጸንሕን ድዩ? ኣይመስለናን!
በዚ ተስፋ ዘይብሉ ሕልምታትን መብጽዓታትን ዝዛናጋዕ ህዝቢ እንተሃሊዩ፡ ንጥፍኣቱ ዝሓሰበሉ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ስለ'ዚ ህዝቢ ጊዜ የብልካን መዛናግዒን ምሕለምን ዝኸዉን ጉዳይካ ካብ ክውንነት ተበጊስካ ክትርእዮን ክትዕጠቀሉን ይግባእ። ሓደስቲ መናፍቕቃን ንሕና ኢና ህዝቢ ዝብሉ እውን ክገጥም'ካ ም'ኻኖም ክትግንዘብ ንደልየካ።እቲ ዝኸፍኤ መዳይ ኣብ ፖሎቲከኛታት ኤርትራና ልክዕ ከም ሐደ ኣካላት ወዲ ሰብ ንተወሰኔ ግዜ ብብቅዓት ዘገልግል ደረት ዘለዎ ኣበርክቶኦም ደረት ዕድመን ግዜን ከም ዘለዎም ብካልኦት ሓደስት ወለዶ ክትክኡ ኣይስርሑን ኣይደልዩን እውን።እዚ እቲ ዝኸፍኤ ሕማም መንሽሮ እውን እዩ። እዚ ሓዲሽ ወሎዶ ኤርትራ ክትክእ ክበቅዕን ክምንዝሮም ክኽእል ኣለዎ። ብጥሙሖቶምን ዊንታታቶም ተቀይዱ ንሕልምታቶም ንምትግባር ተማእዚዙ ክ'ቅጽል እንተኮይኑ ኣብ ኩሉ ክብጻሕ ጸገማት ክህሉ እዩ።ቃልሲ ክብሃል እንኮሎ ነቲ ገዛኢ ስርዓት ንም'ቕያሩ ዝዓለመ ጥራሕ ኣይኮነን፡ እንታይ ድኣ ንገዛኣ ርእስኻ ን ኣካባቢ'ኻ መላእ ሕብረተሰብ ብምዕቡል ፖሎቲካዊ ቁጠባዊ ባህላውን ስርዓት ምቅያር ማለት እዩ። እቲ ከነተግብሮ እንደሊ ለውጥታት መጀመርታ ኣብ ነፍስናን ውድብናን እዩ። ጉዳይ ሐድነት ውድባት በቶም ኣረጋውያን መራሕትና ተታሒዙ ስለ ዘሎ፡ ዘውትር ኣብ ክንዲ ንቅድሚት ንድሕሪት ክጉተት ናይ ግድን እዩ ም'ኽንያቱ በቲ ንሳቶም መንእሰያት ዝነበሩሉ ግዜ እዮም ነዚ ህሉው ግዜያታትን ኩነታትን ዝርእዮ። ንሓድነት ውድባት ምስ ታሪኾምን መጸኢ ዕድላቶም እዮም ዝጥምትዎ። ኣብ ዚ ብንጽር ክቅመጥ ዝግቦኦ ጉዳይ ኣሎ ንሱ ድማ ከም ነፍስ ወከፍ ሰብ ኣሉታ ወይ ኣውንታ ኣበርኩቶ ኣይነ በሮሙን ማለትና ከምዘይኮኔ፡ እቲ ሙጉት መብዝሕትኦም ናይ ዝሰርሕሉን ንህሉው መድረኽ ዝብድህሉ ዕድመ ኣገልጉሎት ዝወዱኡ እዮም ዝብል እዩ።

## ዝርካቡ ኤርትራዊ መራኸቢ ብዙሓን ንጥፈታቱ እንታይመስል?

መላእ ዓለምን ህዝቢ ኤርትሪያን ዝፈልጦ ጉዳይ እዩ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትሪያ ብዘይካ በቲ ዘሎ ስርዓት ዝውነንእን ዝምእዘዝን መሳርሒ ነቲ ስርዓት ዘገልግል መራኸቢ ብዙሓን ከም ዘየሎ። ብዛዕቡኡ ዘዛሪብ ኣብዚ ብዙሕ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብዚ ኣዛራቢ ክኸውን ዘለዎ ካብቲ ምልካዊ ስርዓት ወጻኢ ዘለዋ ገሊኤን ብተቃወምቲ ውድባትን ፡ ብጉዱሳት ዜጋታት ዝውነና ኣገልጉሎትን ምንጭታት መራኸቢ ቡዝሓን እየን። ኣብ ሐደ ሓርነታዊን

ዲሞክራስያዊ ቃልስታት ዝካየደሉ ሃገርን ህዝቢን እቲ መራኸቢ ብዙሓን፡ ብትሕዝቱኡ ብ ባህሪኡ ኣታሓሳስቡኡ ንጥፈታቱ ዕላሙኡ ዲሞክራስያውን ርሒብን እንተዘይኮይኑ ጉጉይ ኣማዓባብሉኡ ዝፈጥሮ ሽግራት ክህሉ እዩ። ኣብ ሐደ ብሕጽረታት ሐቤሬታ ዝሳቐ ህዝቢ ሃገርን ነቲ ዝርካቡ መራኸቢ ብዝሓን ንኣገልግሎት ጸቢብ ፖሎቲካዊ ውድብ፡ኣራእያታት፡ መቓዮቂ ውልቀ ሰባት፡ ኣድልዎታት፡ፖሎቲካዊ ጥሙሓት፡ መዳናገርን መዓላታት ዝውዕል እንተድኣ ኮይኑ ነቲ ሓርነታዊን ዲሞክራስያዊን ሰውራ ዓወቱ መዳናኅይ መሳርሒ ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎን ኣብ መጻኢ እውን ጸገማት ክፈጥር እዩ። ብውሕድ ልዕሊ 30ኤርትራዊያን ዌብ ማስተራት ኣገልጉሎት ኢንተርኔታት ኣለዋ እንታይ ንመን የቃልሓ ዳርጋ ኩሉ ሰብ ተጠቃሚ ኢንተርኔት ስለ ዝፈልጦ ትፈልጥዎ ነገር ምንጋር ኣድላይ ኣይኮነን።
ብማዕረ ዶ ይእንግዳን የቃልሓን፡ ጉሉጽነትን ተሓታትነት ኣለወን ዶ፡ ዝገዝኣንን ዝጸልወን ፖሎቲካዊ ዝንባሌታት ዶ ኣለወን፡ እንታይ ከ ይኅስዓን የተንፍሳን፡ ንመሰላትን ጉንየታት ሓሳቦም ከቓልሑ ዝደሊዩ ዜጋታት ከመይ ይካነክንዎምን የታብብዕዎምን...........ወ.ዘ.ተ ነብስ ወከፍ ተሞክሮታቱን ትዕዝብታታቱን ክገልጽ ደድኽእል፡ ምናልባሽ ካብ መራኸቢ ቡዙሓን ህ.ግ.ደ.ፍ ዝፈልየን እንታይ እዩ ምልላይ ምስሳኣነን ነይሩ። እተን ብማዕረን ብዘይ ኣድልዎን ምፍልላይን ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ንምእንተ ሞያ ዝተላእከለን ዘቃልሓ ኣዝየን ውሑዳት እየን። ፍላን ፍላን ኢልና ክንገልጸን ጭብጢ ኣስኒና ቐሊል እዩ፡ እቲ ዕላማ ንምእራም ስለ ዝኾነን ዘይሃስይቲ ፍትሓውያን ክንከውን ስለ ንደሊ ዓገብ ክንብል ንደሊ። ተዓጢቆም ደይ መደይ ኢሎም ዝናጣጠፍሉ ምኻኖም ንፈልጥ ኢና ክሳብ ካልእ ቀዳማይ ጸላኢ ዝሃሌወ ናይ ጽሑፍ ግንባር ኩናት ምሶኦም ንኽፈተሉ ምኽንያት ሕጂ የሎን ዋላ ትዕግስትናን ቃልስና ተጸንቂቑ ዝውዳኣ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትሪያ ብዙሕ ቓንቃ ዓረብ ዘንብብ ህዝቢ ዘይምህላውና ዘሕዝን እካ እንቶኾነ፡ እቲ ብዓረብ ዝጻሐፍ ፖሎቲካዊ ስነ-ጽሑፍ ኣንቢብካ ክሳብ መሬት ሐንቲኣ ትወሊድ ተመስገን ክትብል ዘገዲድ እዩ። ካብ ንውለድ ክሳብ ሕጂ ሐንቲ ኤርትራ፡ ሓደ ህዝቢ ኤርትሪያ ንፈልጥ ንዕኡ ተቃሊስና ሕጂ እውን ንዕኡ ሓርነት ክነወንን ክንቃለስ ኢና። ኣብ መጨረሻ ዛዕባና መራኸቢ ብዙሐን ቐኑዕን እርሙን ደፋእታዊ ምዕባሊኣን ሓልየን ክዓብያ ንምሕጸን።
ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብኡ ሓሊፉ እንታይ ገይሩ ግዲ እዩ? በጀካ ኣነ ክብሎን ክነግሮን ዝደሊ ካልእ ክብሎን ክነግሮን የብሉን ብምባል እካ እዩ፡ ከም ሕዛእቲ እንዳዓልቦም ብሒቶሞ ዘለዉ። ኣብቲ ብኣንጻሩ ዘሎ ደንበ ከምኡ እንተኮይኑ፡ እቲ ፍልልይ ኣብ ስልጣን ምህልውን ዘይምህላውን እንበር ናይ ኣታሓሳስባን ባህርያትን ፍልልይ ኣይኮነን ማለት እዩ። ናይ ብሓቂ እቲ ዓቅሚታትን ብስለታትን እንተሃልዩ ዘፍርህ ጉዳይ የለን እውን፡ ን ብኣንጻር ርእይትኦም ደው ዝብል ርእይቶ ክብዱሁን ከዳምጹን ከቃልሑን ምስተገብኣ። ናይ ግዜን ብልሓትን ሕቶ ድኣ ይኸውን እንበር ተዓምጺጹ ዝተርፍ ርእይቶ ውን ክህሉ ከምዘይክእል ክፈልጡ ይግባኣ። እዚ ዘይረብሕ ፍጻሜታት እንተትሐድገ ዝሓሸ እዩ።ተክኖሎጂ ሎሚ ንክሉ እንክሒራዊ ሽርሕታት ኣዋሲንዎን ዲል ክምዘይረክብ ገይርዎ እዩ።ኣብ ዓለማዊን ሃገራውን መራኸቢ ቡዝሕ ኣማራጺታትን ተኸእሎታት ሩጉጻት እዮም ርእይቶታትን መርገጺታት ተዓቢሱን ተኸዊሉን ዝኸይድን ዝነብርን የሎን። እዝከረና ኣብ 2000 ዓ.ም. ወግዓዊ ልሳን ህ.ሰ.ግ.ኤ በዳኒት ቅጺ1 ቁጽሪ 2 ን ቅጺ1 ቁጽሪ 3 ተሓቲመን ክዝርግሓ ሐደ ኣነ "ተቃዋሚ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ እየ ባሃላይ" ብኮምፒተር ክጠምዓልና መብጽዓ ኣትዩ ከብቕዕ፡ ኣርቒቕና ምስ ኣቕረብናሉ " ክጽሕፎ ኣይክእልን እየ ኣድካሚን ኣስልካይን እዩ" ዝብል ኣብያን መልስን ምስ ሃበና ብኣእዳው ተጻሒፍ ብመገዲ ኣገልጉሎት ፖስጣ ንመላእ ዓለም ተዘርጊሑ መላእ ህዝቢ ኤርትራ እውን እንቢብዎ። ብ ፍላይ በዳሂት ቅጺ 1 ቁ .2 ፍልይቲ ሕታም ንግጭት ዶብ ኣልዒላ ካብ መሰረቱ ትትንትንን ትገልጽን ብምንባራ ኣገዳሲት እያ ዝነበረት።ብናይ መን ድኻም ብናይ መን ደም ብናይ መን ጻዕርታት እዩ ዳኣ ሓርነት ክውንን ክለብስን ዝሓስብን ዝምነን? ካብዚ ቶሞክሮታትና ዝተበገሴ ክዓግተና ዝኽእል ዌብ ማስተር፡ መንግስቲ፡ ፖሎቲካዊ ውድብ ወይ ውልቀ ሰብ ክምዘየሎ ነፍሲ ወከፍ ፍጡር ክፈልጥ ኣለዎ። ጸገማት ድማ ንግዚኡ እንበር ተቃሊስካ ዘይፍትሑ ከም ዘየለዉ ከነገንዝብ ንደሊ።

## ነጋሪት ቁ.1 ጥቅምቲ 25, 2004 ማ.ሰ.ሽ.

ማእከላይ ሰውራዊ ሽማግሌ ህ.ሰ.ግ.ኤ ኣብ 5ይ ምዱብ ኣኼቡኡ 4 ውልቓ ሰባት፡ ሰለስተ ደቒ ተባዕትዮ ሓንቲ ጋል ኣንስተይቲ እትርከቦም ኣባላት ውድብ ብ 70% ድምጺ ኣኼበኛ፡ መሰል እባልነቶም ነፊጉ ረፊትዎም። ሃገራዊ ጉባኣቶም ክገብሩ ምዓት ጻዕርታት ተኻይዱ ግቡእ መልሰ ግብሪ ክብኣቶም ብዘይ ምርካቡ፡ ብመሰረት ቅዋምን ውሽጣዊ ሕግታትና ዝእዝዘናን ዘፍቅደልናን ክንርፍቶም ኣኺእልና። ብዕለት 01 ታሕሳስ 2004 ብቁ.ስነድ EPRF/CRC: 001435/11204/ ነጋሪት ቁ. 1 ድማ ሕጋዊ ናይ ስንብት ወረቐት ንነፍስ ወከፎም ተዓዲሉዎም። ከም ሳዕቤን እዚ ፍጻሜ እዚ ዝፈልጥዎ ምስጢራት ንዝኾነ ወገናት እንተ ተማሓላሊፉ ናይ ስዕቤኑ ተሓተቲ ከም ዘይኮና ኣቀዲምና ነፍልጥ።ክንሳታተርን ፍትሕ ጭዋ ኣማራጺ ዘይብሉ ምኻኑ እውን ንግስጽ። ንኣና ዓቢ ዓወት ወይ ዓቢ ብስራት ስለ ዝተስምዓና ኣይኮነን ኣብ ህዝባዊ መራኸቢታት ንእውጆን ንዛረበሉን ዘለና፡ እንታይ ድኣ ባህርን ጠባያትኩምን ስለ ንፈልጥ እዩ። ይኣክል ይኣክል ማለት እዩ።

ብመላጼ ክትጻወቱ ኣተፈቲንኩም ኣእዳውናን መላጼናን ሓጺርን ጎዲምን ከም ዘይኮኔ ትፈልጥዎ ምንጋርና ዓያሹ ኣዩቕጽረናን እዩ።

## ነጋሪት ቁ. 2 ታሕሳስ 11, 2004 ማ.ስ.ሽ

ማእከላይ ስውራዊ ሽማግሌ ህ.ሰ.ግ.ኤ ብታሕሳስ 10, 2004 ኣብ ዌብ ማስተር ዓዋተ.ኮም ዝርዝር ኣስማት ስውኣት ኤርትሪያ ኣብ ዝተካየደ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ ካብ 1998-2000 ዓ.ም ክገልጽ ምኻኑን ስለምንታይ ክገልጸ ክምተገደደ ዝገልጽ ጽሑፍን መግለጽን ሪእና። ምስቲ ኣብ ውሽጥ ህ.ግ.ደ.ፍ ዘሎ ፖሎቲካዊን ቁጠባዊ ብልሽውናታት እዚ ኣገዳሲን ዓቢ ግን ዘይሚስጢራዊ ሰነድ ኣብ ኣእዳው ውልቀ ሰባት ወይ ጎሮባብቲ ሃገራት ምውዳቁ ብዙሕ ዘገርም ኣይኮነን። እቲ ዘገርም ዓዋተ.ኮም ክዝርግሖ መሰላትን ጉንያታትን ኣለዎ ድዩ?

1. መሰል ስድራቤት ስውኣትን ስውእን ክሕሎ ይግባእ። ዓዋተ.ኮም ከም ዝኾነ ተራ ዜና ኣብ መርበብ እንተርነት ክዝርግሖ እንተዳኣ ዝደሊ እንተኮይኑ መጀመርታ ን ስድራቤት ስውእ ክሓትትን ከም ዘተፍቀድሉ ሕጋዊ ናይ ስምምዕ ሰነድ ክሕዝ ኣለዎ። ነዚ ካየማልኤ ምስ ዝዝርግሕ ውልቃዊ መሰል እቲ ስውእን ስድራቤት ስውእ ይግህስ ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ስርዓት ብሕጊ የሕትቶን ብሚልዮናት ዝትመን ካሕሳታት ውን ኣለዎ።
2. መሰል ሃገርን ህዝብን ብኢደዋኒኑ ይምንዝዕ ስለ ዘሎ እዚ እውን ኣብ ዝኾነ ስርዓት ብገበናዊ ሕጊ ዘሕትት እዩ።

ማ.ስ.ሽ ኣብ ዘን ክልተ መሰረታውያን ዓለምለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ብቁ. ሰነድ EPRF/CRC: 002435/11204/ ነጋሪት ቁ.2 ዝልለ፡ ኣባላት ዓዋተ.ኮም ዝግባኣ ቀጥዕታት ከማሉኡ የማሕጽንን ይሕብርን ኣሎ። መሰላት ካልኦት ብምግሃስ መሰላቶም ከራጋግጽ እንተ ወሲኖም ዓመጽን ገበንን ስለ ዝኾነ፡ ህ.ሰ.ግ.ኤ ይውግዞን ይቃወሞን ኣሎ።
እዚ ጉዳይ እዚ ጉዳይ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራይ ከምዘይኮነ ክፈልጡ ይግባእ። ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ከደልድልን ክካላኸልን እካ ነቲ ኩናት እንተካየዶ፡ እቶም ኣብ ፈቆዱኡ ኣኽራናት ስንጭሮታት ጎላጉል ዝተሰዉኡ ስውኣት ዜጋታትና እንተ ብፍቶት ብምትላል ወይ ብምግዳድ ኣብ ሃገራዊ ጉቡኦም ብምፍጻም ዝሓለፉ ብምኻኖም ኣብ ታሪኽና ሕልናና ቃልስታትና ናይ ዝመጽእ ወለዶ ዓቢ ክብርን ሓውልቲን እዮም።

ዝኾነት ሃገር ወይ መራኸቢ ብዙሓን ከም ድላዩ ዝዝርግሖም ኣይኮኑን። ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ውላዳ ዝተሰዋኣ ኣበይን ብከመይን ትፈልጥ እያ፣ ነቲ ሕማቅ ውሬ ጽቡቅ ወሬ ጌርካ ንሕብረተሰብ ኤርትሪያ ብስኔ ኣእሙራዊ ቅኒት ኣሳቂኻ ከምዝርዕድን ከም ዝምብርኸኽን ንምግባር ዝዓለመ ፖሎቲካዊ ዕዮ እንተኮይኑ ድማ ብሓባር ውጺእቱ ክንርእዮ ኢና። ኣብ መዛዘሚ ነጋሪትና ዓዋተ.ኮም ለባም ውሳኔ ክውስኑ ንላቦን፣ እቲ ፖሎቲካዊ ዕዮ ውን ፈሊጥናዮ ኣሎና ክንብሎም ንደፍር።

## <u>ደምዳሚ ፖሎቲካዊ መግለጺ</u>
## <u>5ይ ምዱብ ኣኼባ ማእላይ ሰዉራዊ ሽማግሌ</u>

ተቃላሳይን ሓርበኛ ዝኾንካ ህዘቢ ኤርተራ!
መሪሕንት ህ.ስ.ግ.ኤ: ዘለናዮ ኣዝዮ ተሃዋስን ህጽጽን ኩነታት በምስትብሃል: 5ይ ምዱብ ኣኼብኡ ካበ ዕለት 20-23 ጥቅምቲ 2004 ብዓወት ኣሰላሲሉ:: መሪሕነት ህ.ስ.ግ.ኤ ኣኼቡኡ ንምክያድ ዝድረኽዎነ ዘስተባሃለሎም ኩነታተ፦

- ሃገርናን ህዝብናን ንፉጹም ዉድቀት ይደናደነ ምህላው:
- ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ፖሎቲካዊን ቁጠባዊን ስርርዕ ፉጹም ስለ ዝወደቀ::
- ኣብ ባይቶ ጸጥታ ማሕበር ሃገራት ዓለም: ብተወከልቲ መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝቀረበ ርእይቶን መግለጺታትን ሓደግኛቱን ሳዕቤናቱን ብምስትበሃል::
- መራሕቲ መለኽቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ መጨረሻታ ወርሒ መስከረም ክሳብ መጀመርታ ወርሒ ጥቅምቲ ናይ 2004 ከካይድዎ ዝቀነዩ ዝተፈላለየ ኣኼባታት ናይ ኣፈኛታትን ኣማኽርትን: ላዕለዎት ወተሃደሃደራዊ ኣዘዝቲ: ክዋድራትን:ካቢነት ሚኒስትርታት መዛረቢ ዛዕቡኡን፣ ትሕዝትኡን ዉጺኢቱን ኣብ ዝፈለጥና::
- ብፉደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ:ኣብ ለዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝጽመድ ዘሎ መጻወድያታት ባኣካል ብክፍሊ ስግረ ዶባት ስሪሒታትን ስለያን ህ.ስ.ግ.ኤ ኢትዮጵያ ብምእታዉ ናይ መንፈቕ መመላእታ ዝወዳኤ መጽናዕቲ ዳህሳስ ብምዉካሰ::
- ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ፖሎቲካዊ: ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ ኩነታቱ ባይታ ዘቢጡ፣ ግዳይ ማሕየርቲ፣ ስደት፣ ዓጸቦ፣ ሞት፣ ምፍልላያ ብምዉዳቁ ስለ ዝተዓዘብናዮ::

ነዚ ሕጂ ዘሰለስናዮ ኣኼባ ፉሉይ ዝገብሮ: መደረኸ ዘለናዮ ህሉው ኩነታት መላኺ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ: ህሉው ኩነታት ዓለምና፣ ህሉው ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ህሉው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን እዞም ዝስዕቡ ሮቛሒታት ስለ ዝደረኹና እዮ'ም::

ሀ. መራሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንጉጅላ ፖሎቲካዊ ስልጣኖም ንምዕቃብን ምቅጻልን ክብሉ: ጠገለን ኣደብን ዘየብሉ ባህርያቶም: ፖሎቲካዉን ቁጠባዉን ሜላታቶም ዝኾሰኮስዎም ዘቤታዊን ግዳማዉን ወጥርታት ንሃገርናን ህዝብናን መጻኢ ዕድላቱን: መጻኢ ኩልንእንትናዊ ሂወቱን ምርጨታቱን ባዕሉ ከይ ዉስን: ባዕሉ ነፈሱን ሃገሩን ከየማሓድር: መሰሉ ብካልኦት ጎኖትን መሳርሒ ጎኖትን ክምንዛዕ መደባትን ድነዕታትን የንጸላልወና ብምህላዉ::
ለ. መራሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጉድለታት ኣገባብ ኣካይድኦም: ኣገባብ ምሕድርኦም: ዝምድናታቶም ሜላታቶም:ክቅይሩ ወይ ፖለቲካዌ ስልጣን ንዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ከረኩቡ ዉለቃዉን ጉጅላኣዉን ጠባያቶመ ዘየፍቅደሎም: ሰዉራ ኤርትራን ከባቢኡን ዝፈጠሮም ሱሱዓት ጨቖንትን ተረርቲ ልቢ: ኣብ ዘመነ ተሓድሶ ዲሞክራሲ: ብጨዉ ዝበለ ጸቢብ ረብሓን: ኣጉል ተዕቢትንቼ ትብዓት ምልካዊ ፖሎቲካዊ ስርዓቶም ክቅጽሉ ዝወስኑን ዝህቀቅኑ ምኻኖም: መላእ ማሕበረስብ ዓለም: ሃገራት: መንግስታት ዓለምና ከምዝፈለጥዎም ብምርግጋጽ:-

1. ኣብ ፍጹምን በይንነት ኣወጊኑ ነጺልዎም ::
2. ንኹሉ ዘቕርብዎ ሙጉት: ጥርዓናት: ጸለመታት: ርእይቶታት ምእማን ኣብይዎምን ጸማም እዝኒ ሂቦሞም::
3. ኣብ ኩሉ ዝዋፈሩሉ ሶልዳሪታዉን ዲፕሎማስ ዲፕሎማስያዉን ንጥፈታቶም ክማርኹ: ካእምኑ: ደገፍቲ ወይ ተማጸድቕቲ ከጥርዩ ኣብ ዘይክእሉሉ ኣብ ሉኡሙነት ብምዉዳቖም::
4. ኩሉ ኣፍደገታትን ምንጭታትን ለቃሕን ሓገዝን ንልምዓት: ዳግመ ህንጻ: ንግዳዊ ወፍሪ: ሓገዝ: ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ተኽእሎታት መዓጹን መሳኹትን ከምተሎኮቶም ብምርግጋጽና::

ሐ. ጃንዳ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንህልዌ ፖሎቲካዊ ስልጣኖም ግዜን ዕድመን ንምዕዳግ ክብሉ: ክንግጠፉሉ ወሲኖሞ ዘልዉ ፖሎቲካዊን ቁጠባዉን ሜላታት ኣብዚ እዋንዚ:-

1. ንህዝቢ ኤርትራ ዝገበሩሉ ቁጠባዊ ድኅማታት ፍጹም ዘየለ ክነሱ: ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣሰታት 120000 ዜጋታት በዘይ ገለ ክፍሊት ን 10 ሳዓት ምዓልቲ ዕዮ እንዳገልገሉ ክንሶም: "ወጻኢታት መንግሰቲ ካብ ኣታዊታቱ ስለ ዝበዝሓ: ወጻኢታት ዘቕንሰሉ ሓዲሽ ዉጥን" ሰሪየም ኣለዉ:: እዚ ዉጥንዚ ንብረት ገንዘብን ጉልበትን ሕዝቢ ብዘይ ገለ ንሕስያ ዝዝርፍ ምኻኑ ብምፍላጥና::
2. እቲ ካብ 1995 ጀሚሮም ዝሰርሑሉ ዝነበሩ: ንመላኣ ከባብን ጎረባብቲ ኤርትራ ዝኾና ሃገራት: ብኩናት ሕድሕድ ከምዝላባዕን ከምዝዳኸም ንመግባር ብዝላዓለ ደረጃ ክሰርሑሉ መደባት ከምዘሎዎም ብምፍላጥና::
3. ከም ሳዕቤን ጹዩፍን ካካይን ዝኾነ ፖሊቲካዉን ቁጠባዉን ሜላታቶም ንህዝብን ሃገርን ገጢሞዎ ዘሎ
   - ምገፋፍ ፍጹም ዜጋዉን ሰባኣዉን መሰላቱ::
   - ምዝንባላት:ስደት:ዓጸቦ:ጽምኢ:ዘይተመጣጠነ መዓልታዊ መጠን ሰባኣዊ ሞት::
   - ሕጽረታትን ክብርን ነዳዲ:ጽዓት: መጎዓዓዚ::
   - ሕጽረታት ቀረባት ዘብላዕ: ዝስተ:መድሃኒት: ኣጎልግሎት ጥዕና: ልብሲ ካልኦት መዓልታዊ ኣድልይቲ ነገራት::
   - ናህሪ ዕደጋታትን ዘይምምሕያሽ ደሞዝን ሽቅለት ኣልቦነት::
   - ሕጽረታት ናይ ወጻኢ ሸርፊን ዉሽጣዊ ዕደተ ገንዘብ:... ወ.ዘ.ተ. ብምግጣሙ ባኣካል ንዕዘብን ብኡ ንሓልፍን ስለ ዘለና::

መ. ብፋደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ዉሳኔ ናይ ኮምሽን ዶብ ኣብ 15% ብዘይምስምምዕ ነቲ ብይን ብዘተ ክፍታሕ ምጥላቡን መዕረፊ ከይግበረሉ ምሕንጋዱ: ንሕዝቢ ኤርትራ ፖሎቲካዊ: ቁጠባዊ: ማሕበራዊ: ኩናት ሓደጋታት የንጸላልዎ ብምህላዉ ብምዕዛብና::

ሰ. ማሐበረሰብ ዓለም ዝተማልኣን ኩልእንትናዊ ኣፍልጦ ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ወያኔ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ብዘለዎ መዓቀኒታትን ብቅዓትን ይፈልጠም ክነሱ: ኣብ ከንዲ ናይቲ ከባቢ ሰላምን: ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ረብሓ ዘቅዱሙ: ኣብ ረብሓታቶም ተሞርኪሶም: ንጃንዳ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንመቕጻዕን ምብርኻኽን ክብሉ ንህዝብናን ሃገርናን ይቀጽዑ ኣብ ዝሃለዉሉ ግዜ ብምኻኑ::

ረ. ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ኣዋርሕ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተለቂሑ ድዮ ለሚኑ ወይ ከም ኣመሉ ሰሪቁን ኣዳናጊሩን ገንዘብ እንተድኣ ዘይኣምኢኡ: ዋላዉን ነቲ ብዘይጠቕም ዶሞዝ ኣብ ትሕቲኡ ቆጺሩ ዘስርሖ ዘሎን: መቀረቢ ሎጂስቲክስ ንኣብያተ ጽሕፈታቱ: ሰራዊት: ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘየምህላዉ ክስዕብ ዝኽእል ህዝባዉን ናይ ሰራዊት ምንዕዓባት ኣብ ግምት ስለዛእተናዮ::

*ሸ. ንጃንዳ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብዚ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ዘዉረድዎ ዕንወት: ካብኡ ንላዕሊ ንከይፍጽሙ: ዝኸልኡን: ዉድቀቶም ባዕሎም ዝኻዓትዋ ጉዳግድ ሓመድ ድብኦም ዘቃላጥፍ ተኻእሎታት: ሜላታት: ኣድማዕን ተዓጻጻፍን መደባት ትሰርዓሉን:ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ነብሰኻን መደብካን ሰሪዕካ ኣብ ንጡፍ ምንቅስቓስ ነኽትህሉ ዘተባብዕን ዘደፋእን መድረኽ ብምኻኑ'ዩ::*

*ቀ. ህ.ሰ.ግ.ኤ ከምነፍሰ ወከፍ ፖሎቲካዊ ዉዱብ ዉሽጣዊ ጸገም ዘየብሉ ኣይኮነን: ንዝገጥምዎ ጸገማት ከፊትሕን ከማሕድርን ዘኽእል መካኒዝም ኣሎዎ: ካነ ቀጽሪ ምቁጽጻሩ ወጻኢ ንዘለዉ ግን ክቆጻጸር ባህጊ: ተበግሶ የብሉን:: ኣባላት ብዕግበቶምን ብፍጹም ተበግሶታቶም ርእሰ መስዋእቲ ክከፍሉ ዱሉዋት እካ ተኾኑ ጉዳይ ጉዳይ ሃገርን ህዝብን ስለዝኾነ: ህዝቢ ከሳተፎን ከዋሳኣሉን ይግባእ:: ተሳትፎን ኣበርክቶን ህዝቢ ኣብ ዝበኸረሉ ቃልሲ ዓወት ሩሑቕ: ዉድቀት ሃገርን ህዝብን ቀረባ ምኻኑ ፍሉጥዩ:: ንህ.ሰ.ግ.ኤ ካብቶም ዓበይቲ ቡድሆታት ዝገጥምዎ ተሳትፎ ህዝቢ ብምሕጻሩ እዩ: ማእከላይ ሰዉራዊ ሽማግሌ ኣብዚ ብዕሙቕ ዝበለ ኣገባብዮ ዘትዮ:: ነዓቕሚ: ንያት: ድሉዉነት: ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ ኣብከመይ ዝበለ ደረጃ ኣለዉን ኣጽኒዑ::*

*እቲ ኣኼበኛ መጀመርታ ነዞም ኣቐዲሞም ዘተዘርዘሩ ኣገደስትን ወጠጥትን ዝኾኑ መድረኻዉያን ክዉንነት ብጹጹይ ምሰዓዘበን መዘነን: ቀጺሉ ንዓቅምታት ዉዱብ ከመዝን ዘኽእሎ: ዉዱብ ዘካየዶም ዕማማት: ዝገጠሞም መሳናኽላት: ዝተወሰኸን ዝጎደለን ዓቕሚ ሰባኣዊ ጉልበት ዉድብን: ዝነበሩሉ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ተመልኪቱ:: ካብዚ ተጡርኑፍ ኣፍሉጡኡን መጽናዕቱን ብምነቃል:-*

- *ዓቕምታት ዉዱብ መዚኑ::*
- *ንዓቕምታቱ ዘዳርትዎ ሮቛሒታት ኣለልዩ::*
- *እንታይ ክገብር ከምዝኽእልዉን ፈሊጡ::*
- *ህዝቢ ከነቅሕን ከዉደብን ከዕጥቅን ወሲኑ::*
- *ናይ መጻኢዩ መደባቱ ሓንጺጹ::*
- *ኣብ መጨረሽታ መጸዋዕታ ነኩሉ ወገናት ህዝቢ ኤርትራ ክጽዉዕ ወሲኑ:፡*

## <u>*መጸዋዕታ ንኩሉ ቬርገስ ህዝቢ ኤርትራ*</u>

*ኣብዚ ጀንዳ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ሓደጊ መሬትን ጠፈርን ተንጠልጢሉሉ ዘሎ: ምስኡ ተጥልጠለሉን ሃገርካን ህላዌኻን ንዓቢ ሓዳጋ ተቃሊዕካ ሓንሳብ ንሓዋሩ ንክትጠፍእ ዝዳለወልካ ዘሎ መጻወድያታት ከምትርእዮን ከምትፎልጦን ንግንዞቦ ኢና:: ህዝቢ ኤርትራ ልዕሊ ነፍሱ: ሂወቱ: መሬት ዓደቡኡ: ነዞም ብኣጻብዕ ኢድ ዝቑጸሩ ጨቀንትን ኣዕነዉቲን ትፋትወሉ ምኽንያት ከምዘየለዉን ንክንፈልጦ ዘጸግም ኣይኮነን:: እቲ ቅድሚ ናጽነት ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት: እዚ ሕጂዉን ንሓርነት ክንቃለስ እቲ ዝነበረናን ዘሎናን ንቅሓት ሕልናን ክዉንነት ክድርኽና ኮሎ እምንቶና ኣባኻ ህዝብና እዩ ነይሩን ዘሎን:: ህ.ሰ.ግ.ኤ ካብ ንቃልሲ ዝብገሰላ ግዜ ኣትሒዙ ከሳብ ሕጂዉን እንተኾነ: ጉዳያትና ባዕልና ብዓቅምታትናን ህዝባዊ ጸጋታትና ክንፈትሕ ንኽእል ኢና ዝብል እምንቶታት ስለዘለና: ንግዳማዊ መጸዋዕታታት ረብሕኦም ኣብ ኤርትራ ከራጋግጹ ዝደልዩ ሃገራት እንዳ ነጸግን: እንዳተሰለና ኣቃልቦኹምን ኣበርክቶኹምን ከነማዕዱ ጸኒሕናን ኣለናን:: እዚ ገጢሙ ዘሎ ኩነታትን ብዶሆታትን ብኣድማዒ ይገጥመኩምን ይሃስየኩምን ከምዞሎዉን: ቢቲ መዓልታዊ ዝዝረብ መረረታት: ምግሩምራማት: ምንጽርጻራት: ሕምያታት: ዘይትግሃታዊ ሂወት ክንመዝኖ ኣየጸገመናን: እዞም ኣጻብዕ ኣእዳዉ ሓደ ሰብ ዘይኣኽሉ ጉጅለ ከምዘይምሕር ባልዕ ንብረትካ: ጥሪትካ: መሬትካ: ደቕኻ በሊያም መጽዮም ዶሞም ወዲኦም: ናብ ኣካላትካ*

ሰጊሮም እንዳፋሓቑኻን ድሎ ከይትዕሎ እንዳበሉ ብጋህዲ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ: ቲቪ ኤርትራ: ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ: ኣብ ዘካይ ድዎ ህዝባዊ ኣኼባታቶም:-

- ሓርጎጽጎጻትን ናህሪ ዕዳጋን ቁጠባን ከምዘሎ: እዚዉን ከቅጽል ምኻኑ እንዳነገሩኻ:
- ንህዝቢ ፖሎቲካዊ ሓርነት ዘይኮነ: ቁጠባዊ ሓርነት እዩ ዘድልዮ እንዳበሉኻ:
- ኪናት ምስ ኢትዮጵያ ዉዒሉ ሓዲሩ ዘይተርፍ እዩ ኣንዳበሉ: ኩሉ ምርጫታቶም ናብ ኪናት ከምዝወደቀ እንዳሓበሩኻ:
- መንግስቲ ወጻኢታቱ ኣዉሒዱ: ኣታዊታቱ ከኻዕብት ምኻኑ እንዳገለጸልካ:
- ማዓልቲ መጸ ኣብ ግዜ ኩናት ደድኣኽሉ ደቅኻ መንዚያም ብሓይሊ ንሃገራዊ ኣገልግሎት እንዳ ወሰድልካ:
- ኣቦሓጎታትካ: ኣቦታትካ: ደቅኻ: ካህናትካ: ሽኻትካ መዓልቲ መጸ እንዳ ኣሰሩልካን እንዳ ቀተሉልካ:... ወ.ዘ.ተ.

እንታይ ትጽበ ኣለኻ? ትዕግስትኻን ተስፋኻን ንበይኑ መፍትሒ ጸገምካ ክኸዉን ይኽእል ድዩ?
መዓልቲ መጸ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ትሪኦን ትዕዘቦን ዘለኻ'ዩ ሎሚ ጡዑይ ብክልተ ማሓዉር ክንቀሳቐስ ዝራኣኻዮ ንጽባሒቱ መይቱ ትሰምዕ ዉይ ኣብ ሓመድ ድቡኡ ትዉዑል ኣለኻ: ንመዋእል ዝነብር ወዲ ሰብ ከምዘዮሎዉን ትፈልጥ ኢኻ:: ትማሊ ትማሊ ኣይለይቲ ኣይማዓልቲ ኣሕዋትካ: ኣሓትካ: ደቅኻ: ወለድኻ ከይቀበርካ ዝተረዳእኻን: ከምዘይወለደ ዝመኸንካ: ክምስድራ ዘይነበሮ ዝጸነተኻ: ከምሓዳር ዘይነቦሮ ዝባደምካ: ከምሃበቲ ዘይነቦሮ ዝደኸኻ: ከምስራሕ ዘይነቦሮ ስራሕ ዝሳኣንካ...ወ.ዘ.ተ. ኬንካ ተሪፍካ::

ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ ንኣኻ ዘይወረደካን: ንስኻ ዘይትፈልጦን ጉዳይ ንሕና ክንነግረካ ኣይንኽእልን ኢና:: ምኽንያቱ ንሕና ሰባት ዳኣ እምበር ኣንብያት ኣይኮናን:: ኣብ ዓለም ምንባር ናይ ቁኑዑ ወይ ጌጋ ሕቶ ኣይኮነን:: ናይ ምርጫ ሕቶ'ዩ:: ከምኡ ካብ ኮነ እቲ ሓቕታት ንጥፍኣትካን ጸረ ረብሓኻን ትስለፈሉ ምኽንያት የሎን:: ንማዕበል ህዝቢ ዝዓግት ዝኽእል መንግስቲ: ሰራዊት: ወታሃደራዊ ፖሊስ: ታንኪ: መድፍዕ ከምዘየለዉን ካብ ተሞክረኻ ትፈልጦ ኢኻ::
ህዝቢ ሓድነቱ ኣትረሩ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ: ኣኣብ ዘላኻዮ ደንበ: ዓዲ: ከተማ: ስራሕ: ሑሕ ክትብል እንተጀሚርካ: መን'ዩ ጀማሪ ወይ መራሒ ክባሃል ከሎ: ኩላህና ዝብል መልሲ እንተሂብካ: ሃሱሳት መንግስቲ ምንጪታት ሓቤሪታ ክረኽቡ ሃሰዉሰዉ ክብሉ ከለዉ ኣይራኣኹን ኣይሰማዕኩን ዝብል መልሲ እንተሂብካ: ንሰብካን መሬትካን ክዝርፍ ዝመጸ መንግስቲ ብዘለካ ንሞት ብሓባር ተላዒልካ ክትምክቶ እንተኺኢልካ: ኣብ ቅድሜኻ ደዉ ዝብል መንግስቲ ወይ ሰራዊት: ሃገራዊ ድሕነት ከምዘየለ ክትፈልጥ ንደሌካ:: እቶም ኣብ ሰራዊት: ሃገራዊ ድሕነት ተመዲቦም ነቲ ስርዓት ክካላኸሉ ዝሰርሑ ዘለ'ዉን: ኣቦታትካ: ደቕኻ: ቤተሰብካ ስለዝኾኑ: ምስ ህዝቦም ደዉ ክብሉ ክትምዕዶም ክትመኽሮም ሓላፍናትካ'ዩ::

ኩቡር ህዝቢ: ኩሉ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ፖሎቲካዊ ዉድብ ክጥርነፍ ጽቡቕ እኳ እንተኸነ: ብግብሪ ዝከኣል ኣይኮነን:: በብዘለዎ ሑሕ ክብል: ክቃዎም: ምግባር ክኣቢ እንተኺኢሉ: እቲ ፖሎቲካዊ ዉዱብ ደገፌታ ህዝቢ ረኺቡ ኣሎ ማለት'ዩ: መዕቆብን መበገስን መከናወኒ ስርሒታቱ: ምንጪ ሓይሊ ጉልበት ሰብን ካልእ ደገፊታ ስለ ዝረክብ: ኣብ ሓጺር ግዜን ብዝዋሓደ ክሳራን ነዚ ን13 ዓመታት መመላእታ ዝደኸደኻካን: ንዓቢ ሓደጋ ክትቃላዕ ዝገበረካ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ክእለን: እቲ ዝቅጽል ምቅይያራት ብማሕበረሰብ ዓለም ተፈላጥነትን ተቅባልነትን ከረክብ ዘኽእልን: ብዓቢኡ ቀሳንት ምዕባሌ ዘምጽኣልካ'ዩ::

ኩቡር ህዝቢ: ኩሉ ፖለቲካዊ ፍልልያት: ኩሉ ተርእዮታት: ገሊኡ ቅድሚ ሃገራዊ ናጽነት ዘተቀልቀለ እኳ እንተኾነ: መመንጨዊኡ ፖለቲካን ህላዌን ህ.ግ.ሓ.ኤ ( ህ.ግ.ደ.ፍ) እዩ: ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ምእላይ ማለት ሃገርን ህዝብን ምዕናዉ ዘይኮነ: መብዛሕትኡ ምንጪ ጸገማትና ምፍታሕን ሃገር ምህናጽ: ሓድነት ህዝቢ ምትራር: ምሰጎራርብትና ዘለና ጸገማት ምፍታሕ ማለት'ዩ:: ግርማ ህዝቢ ኤርትራን: ዓቢ ኣጽዋር ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ጥራሕ እዩ:: ህዝቢ ኤርትራ ካብዛ በዞም ረሳሓት ኣቲዎ ዘሎ መንቃቕሮ ክወጽእ ሓደ ክኸዉን ኣለዎ:: ሓድነቱ: ተቃዉምኡ: ዘይምግድድዓ ህዝቢ ኤረትራ እንተድኣ ኣርእዩ: ኣህዛብን ሃገራት ዓለምንዉን ክሓፍርኻን ከኽብሩኻን ሙኻኖም ክትግንዘብ ኣለካ:: ኣብ ኤርተራ መቃለሲ ምኽንያታት: መቃለሲ ባይታ: መቃለሲ ዉዱብ ኣይኮነን ቦኺሩ ዘሎ:: ኣብ ኤረትራ ተሳታፎ: ተበግሶ: ሓድነት ህዝቢ: ምርድዳኣ: ምድምማጽ ሓድሕድ ምክብባር'ዩ ቦኺሩ ዘሎ:: ንጉዳይካ ካልኦት መጽዮም ክዓምልካ ዝኽእል ናይ ዘመናት ዝምድናታት: መሳጢ ባህርያዊ ጸጋታት: ባይታ ሰፊሕ ዕዳጋ: በዝሒ ኣህላኺ ክኸዉን ዝኽእል ብዝሒ ከምዘይብልካዉን ትስሕቶ ኣያመስለናን:: ኩሎም ባዕዳዉያን ይኹኑ ናይ ዉሽጥኻ ኣድሓርሓርቲ ኣብ ሰለስተ ከም ስላሴ ክጎዛዝዩኻ ስሪኦም ዓጢቆም ይቃለሱ ከምዘለዉን ክትፈልጥ ኣለካ:: እዚ እንዳፈለጠ እንዳራኣየን ትም ዝብል ዓቢ: ክዋዘ ዝዓርቦ ጎቦዝ: ምስዉስዉ ዝብል ዝዉዕል መንእሰይ እንተበዚሑ ጽባሕ ንግሆ እታ ትመጽእ ብሓባር ክንጉህየላን ክንቁዙመላን መደበሲ ወይ መትከሊ ጡጡሕ ባይታ ንደቕና ደቂ ደቕና ኣያክበቅዕን'ዩ ወድሓንካ::

## መጸዋዕታ ንኩሉ መንእሰይ ኤርትራ

መን'ዩ መንእሰይ? መንእሰይ ዝባሃል ካብ ወዲ(ጎል) 18-29 ዓመት ዝእድሚኡ እዮ:: ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ ዘሎ ወዲሰብ ብሕግታት ተፈጥሮን ስነ ሂወትን: መሃዚ: ክቅበልን ከድምዕን ዝኽእል ሓንጎልን ኣካላዉን ብቕዓት ዘለዎ: ቀንዲ ዑቑርን ተንቐሳቃሲን ሓይሊ ናይቲ ዝነብረሉ ሕብረተሰብ'ዩ:: ሓደ ወዲ ሰብ ኣብ ዕድመ ሂወቱ ታሪኽ ወይ ቅያ ገይሩ ወይ ክገብር እየ ኢሉ ዝሓስብ እንተኾይኑ: ብዘይካ ገለ ፉሉይነት ኣብ ዉሽጢ እዘን ዝተጠቕሳ ዓመታት ዕድመ'ዩ ክገብር ዝኽእል:: ኣብ ኤርትራ መግዛእቲ ዝሓደጎ በሰላታት ቀጺሉ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብዝቀጸሎን ዘመንጨዎ መብዛሕቱኡ መንእሰይ ከይማሃር: ከይሰርሕ: ከይቃለስ: ናብራ ከይገብር: ዝተፋላለየ ማሕለኻታት ስለ ዝገበረሉ: ክምሃር ዝተሰደ ትምህርቱ ካይወድኣ ንሳልሳይ ሃገር ክስደድ ተገዲድ: ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዘሎ እንዳተገፈፈ ንመደበር ታዕሊም ሳዋ ስለ ዝዉሰድ መብዛሕትኡ መንእሰይ እዚ ወሎዶዚ ብሞያ ዉትድርና ዝሰልጠነ'ዩ:: ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንእሰይ ዳርጋ ብረትን ቦምባ ከመይ ትትኩስ ዘይፈልጥ መንእሰይ የለን: እንተተባህለ ምግንን ኣይኮነን:: ኣብ ኤርትር ምንባር መሪርዎም ንደገ ክስደዱ ኣበ ኣጻምእ ምድረባታትን ኣብ ቀላያት ዝተረፉዉን ምስቲ ዋሕዲ ህዝብና ዉሕዳት ኣይኮኑን::

መንእሰይ ኤርትራ ብኣስገዳድ ብሓንቲ ወትሃደራዊ ሞያ ዝሰልጠነ ካብ ኮነ: ነታ ዝጸልኣን ብኣስገዳድ ዘጥረያ ሞያ: ነቲ ኣብ ሓደ ሞያ ዝደረተካ ስርዓት መቀየሪ ከጥቀመላ ሩጉጽ ተኽእሎ'ዩ:: መንእሰይ ኤርትራ ካብዚ ዘይመሮጸ ሞያ ንምንጋፉ: ካብ ማሕለኻታቱ ንምምላጥ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርትታት: ኣብያተ ቤቴ ክርስትያናት: ኣብ መደበር ታዕሊም ሳዋ: ኣብ ማእተታዉን ግንባራት እኳ ኣብያኡ ክገልጽ እንተፈተነ: ነቶም ኣንቀልትን መራሕትን ኢኹም ኢሉ እቲ ስርዓት ዘጠቀኖም

ብጽኑዕ ክኣስሮም: ከቀትሎም: ብዘይ ገለ ሰብኣዊ ርህራሔ ክቀጽዮም ዝራኣዩንዝሰምዑን ብምስክሕካሕ ኣንፈት ተቃዉምታቶም ፍጹም ተቀይሩ'ዩ: ዘለዎም ዘይዕግበታትን ተቃዉሞታት ዘገልጽሉ መገድታት ኣሎ ንሱ ድማ፦

- ኣብ ዝተዋፈርካሉ ስራሓት ብትገሃት ዘይምስራሕ::
- ኣብ ዝተላእካሉ ወይነ ዝተንቃሳቐሰሉ እዋናት ባኡኡ ኣቢልካ ንኣዋርሕ ምሕካል::
- ስነ ኣእመራዊ ተቀባልነት ሰለዘየለ ሓሚም ጸሚመ ምባል::
- ኣብ ዝካየድ ኣኼባታት ተዓዛቢ ጥራሕ ኬንካ ምስማዕ ዘይምዝራብ::
- ቀጻሊ አርኩላዊ መስተ ምስታይ::
- ርእሰ ቅትለት ምፍጻም... ወ.ዘ.ተ::

እቲ ዝገጥመካ ዘሎ ጸገማት ብኣካል ምዓልታዊ ምሳኻ ሰለ ዘለና ይርዳኣናን ነፈልጦን ኢና:: ማኣንጣኻ ሸጥ ኣቢልካ ነዚ ኩናታት ክትቅይሮ ቀሊልን ግዜ ዘይወስድን እዩ:: ምኽንያቱ ንሕናዉን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍላተ ሰራዊታት ኣለና:ንብኣዘዝቶም ታርጌት ዝትኣስረሎም: ነቲ ታርጌት ንምዝላቅን ነቲ መንእሰይ ኣብ ዑቱብ ቃልሲ ንምጽማድ ንቃለስ ኣለና:: ምናልባሽ ሓደ ዑቱብን ክቃለስ ዝዉስን 1% እዩ:: ስለዚ እቲ መንእሰይ ዘለዎ ድሌታት ድሉዉነትዉን ንክቃለስ ንረብሕኡ ቁሩብዉን ኣይኮነን::

ኩቡር መንእሰይ ኤርትራ: ኣቦታትካ ኣዴታትካ እቲ ን3 ዎሎዶታት ዝወድኤ ቃልሲ ተቃሊሶም:-

- ሓንትን ናጻን ልዓላዊትን ሃገር ሰሪቶምልካ:
- ወሎዶም የዕቤምኻ::

ግደ ናትካ እንታይ ክኸዉን'ዩ? ኣብዚ ቅያን ታሪኽን ክትሰርሓሉ ዘኽእል ዕድሜኻ ቅይ ሰሪሕኻ'ዶ? ቅያ ክትሰርሕ መደባት ኣለካዶ? ወይስ ኣለና! እንዳበልካ ግዜኻ ኣብ ልእሙነት:ሕልክስክስ:ህድማ: ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ሰደት... ወ.ዘ.ተ. ከተሕልፎ መሪጽካ? ንኽትስደድ ኣዝዮ ቀሊል'ዩ: ኣብ ዝተሰደድካሉ ሃገር መንበሪ ወረቐት: ፍቃድ ስራሕ: ትምህርቲ: ርጉኡ ሕልናዊ ናብራ ምርካብን ካብ ስደት ንሃገርካ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምምላስ ኣዝዩ ከቢድን ሓንቢስካ ዘይ ዉጻኢ ዉቅያኖስ ምኻኑ ትፈልጦዶ? ዓለም: ሃገራት ዓለምን ኣህዛቦምን ሎሚ ተቀዩሮም እዮም:: ከምቲ ቀደም ዘመን ብጥኦዑሙ: ሓደ ሰደተኛ ብቀሊሉ ኣብ ዘተሰደሉ ብቀሊሉ ዝጣየሰ ኣይኮነን:: መምዘኒ ወዲ ሰብ ኣብ ከንዲ ብወዲ ሰብ: ብመህልኽነቱ: ብኣዝዩ ልዑል ዓለም ለኻዊ ኣካዳሚካዊ ብቅዓቱ: ብኻብ ዝመጻሉ ክፍለ ዓለምን ሃገርን ብኡ ዝምዘነሉ: በዞም ዝተሮቕሑ መዓቀኒታት ዝዕቀነሉ ግዜ'ዩ::

እቲ ኣብ ስደት ንነዊሕ ዓመታት ዘነብር ዘሎ ዜጋ ዋላ እቲ ኣብ ምዕራብ ዓለም ዘሎ: ናብራን ተነጽሎን ስደት ስለ ዝመረሮ: ኩሉ ሕልምታቱን ባህግታቱ ዓዱ ተመሊሱ ክነብር'ዩ:: ነዚ ባህግታት'ዚ ዓንቃጺ ምልካዊ ስርኣት ህ.ግ.ደ.ፍ ብምህላዎ እንተዘይኮይኑ: ካልእ ከምዘይኮነ ትፈልጥ'ዶ? ብግብሪ ትርእዮን ትዕዘቦን ዘለኻ'ዩ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ምሎዶታት መመላእታ ኣብ ሱዳን ተሰዲዶም ዝነብሩ ዜጋታት 10ሽሕ ንሃገሮም ተመሊሶም ኣብቲ ማእቶት ትሰርሓሉ ምሳኻ ይዉዕሉ ኣለዉ:: መዋእሎም ዘተሰዱ እንዳተመለሱ ንሱዳን: ሊብያ: ኢትዮጵያ: የመን: ጅዛን... ወ.ዘ.ተ. ዘንፍጸካ ሓሲብካሉ'ዶ ትፈልጥ?

ኣእላፍ ሕቶታት: ኣእላፍ መግለጺታት ክሕተትን ቀጻሓፍን ምስተኻእለ: ትርጉም ዘሎዎ ግን ኣይኮነን:: እቲ ትርጉም ዝህብ እቲ መፍትሒ ሓንቲ እያ: ንሳ ድማ ነዚ ምልካዊ ስርዓት ክትኣሊ ምዉዳብን ምዕጣቅን ምቅላስን እያ::

## መጸዋዕታ ንሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል( ኣጋር ሰራዊት: ሓይሊ ባሕሪ: ሓይሊ ኣየር) ፖሊስን ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት

ኩቡራት ብጾት: ኣሕዋት: መሳርሕቲ ዝኾንኩም ሓንቲ ህብብቲ ምስላ ኣላ: ንሳድማ " ደቂ ወራዙት ከም ዓብያት ክቅደዱ: ደቂ መባላሉ ድማ ሳሓቅ ተራእይወን ይስሕቃ"" ይብሃል:: ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝብና: ሃገርናን: ልዕሌን ገጢሙ ዘሎን ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋታት ዘዛንን ቅሳነት ዝህብ ክም ዘይኮነ ትፈልጥዎን በብዉልቂ ንዝትየሉን ንዛራረበሉን'ዩ:: በዚ ገጢሙ ዘሎ ሓደጋ ተሓተቲ ንሕናን ንሱኹምን ዘይኮና ላዕለዎት መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ እዮም:: ኩፉእ ዓመጽ ዉድቀት እንዳፈለጥካ እንዳራኣኻ እንታይ ገዲሽኒ ምባል ካብ ሞራላዊ ገበን ናጻ ዝገብር ኣይኮነን:: ኩሉ ግን ኣፍልጠ ዘይምህላዎ ዘይኮነስ ናይ ዉልቀ ረብሓ ቀዳምነት ምሃብ ሕቶእ'ዩ:: ሂወትና ብምልኡ " ሃገር ትገብረላ እንበር: ኣይትገብረልካን እያ" እንዳልና ተጋዲልና ከነብቕዕ ሕጂ ሃገር ክትገብረልና ሃርገፍገፍ ንብል ዘለና ይመስል:: እታ ሃገር ከይትገብረልና ድማ እንዳተረመሰትን ካብ ምቁጽጻርና እንዳ ወጸት ትኸይድ ከም ዘላ ይፍለጠኩምዶ ኣሎ:: ከምቲ ሓድጉ ኮመሬድ ዝብሎ " ቅድሚ ብረትካ ምዕማር ነብስኻ ዓምር'ዩ" :: ነብስኹም ክትዕሙሩ መድረኽ ዝሓተኩም ዘሎ ግዜ'ዩ:: ኩላትና ኣብ መላእ ኤርትራ ዘለና ኣብ ሓደ ኣድራሻ ተኣኪብና እኳ እንተዘይተዛረብናሉ: ኣብ ዝተፋላለይን ግዜን ቦታን ንራኸበሉ እዚ ጉዳይዚ ንሰለስተ ዓመታት መመላእታ ተዘራሪብናሉ ኢና:: ሕጂ ግን ስለ ዝደለናዮ ዘይኮነስ እቲ መድረኽ ባዕሉ ክዉጥጠና ጀሚሩ ከምዘሎዉን ኣይትዝንግዕዎን ኢኹም::

ሓቂ'ዩ ኣብ ሕግን ፍትሕን ቀዳማይ: ካላኣይ: ሳልሳይ ደረጃ ገበን ዝባሃል ዘሎ:: ጃምላዊ ገበን ወይ መቕጻዕቲ ዝባሃል ነገር ዛጊት የሎን:: ንብሕጂ ከይሁሉ ድማ ንሃገርንኩምን ህዝብኹምን ትኽሕስሉ መገዲን መርገጽን ክትወስዱ ይግባኣ:: ግዜ ሓሊፉ ዝስዕብ ጉድኣታት ኣብ ልዕሊ ሕዝቢን ሃገርን እንተወዲቁ: ሰብ በብዝዋዓሎ ወንጀል ክሕተት ወይ ኢቅሬታ ክብሃሎ ኣብ መጻኢ ህዝቢን እቲ ዝፍጠር ኩነታት ሃገራዊ ዕርቂ ዝምልሶ ጉዳይ እዩ::
ነዊሕ ኣይገበረን ትዝክርዎ ኢኹም እቲ ኣብ መጨረሽታ 2000 ዓመት ዝተጋህደ ፍልልይ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ:: እቶም ቀንዲ መራሕቲ: ኣተግበርትን ፈጸምትን: ሓንገርቲ: ኣምጻእትን ተኸልትን: እዚ ምልካዊ ስርዓት ዝነበሩ ኣብ መስመር ምቕዋም ከምዝኣተዉን: ብታቃዉምኦም ክምትኣሰሩን::

ናይ ቀረባ ኣዘዝትኹም: መራሕትኹም: መሳርሕትኹም ዝነበሩዉን ገሊኦም ሪእትኦም ስለ ዝገለጹ: ገሊኦም ስለ ዝተጠርጠሩ ንገሊኦም ብፖሎቲካ: ንገሊኦም ብቀንጠብጠብ: ንገሊኦም ብጉድለት ስነምግባርን ሞራልን  እንዳጠቀነ ንገሊኦም ኣደስኪልዎም: ንገሊኦም ኣብ ከበርክትሉን ክሰርሕሉን ዘይክእሉ ቦታታት መዲብዎም: ንገሊኦም ቀቲልዎም: ንገሊኦም መዉደቂኦምን ሃለዋቶምን ዘይፍለጥ ሰዊርዎም: ንገሊኦም ንኣብያተ ማእሰርቲ ጢያ: መንካዕካዕ: ናኽራ: ጸጸራት: ሓዝሓዝን ንቤ/ማእሰርቲ ተሓድሶታት ክፍላተ ሰራዊት ተላኢኾም ብዘይ ገለ ክሲ: ፍርዲ: ብዉሕስና ሕድሪ ተወሺቦም ይሳቐዩ ኣለዉ::

" ድሕሪ ኣቦኻ ማይ ግዴኻ"" ከምዝባሃል: ንነፍሲ ወከፍኩም በቢማዓልተኹም ክመጻኩም ሙኻኑዉን ትዝንግዑ ኣይ መስለናን::
እቲ ዓቢ ስክፍታን ሓደጋን ሕጂ ብዛዕባኹም ኣይኮነን: ብዛዕባ'ዚ 4 ሚልዮን ዘግመት ህዝብናን: እዛ ብኸቢድ መስዋእቲ ንነዊሕ ዎሎዶታት ተቃሊስና ዘምጻእናያ ናጻን ልዕላዊትን ሃገርና ኤርትራ እዩ:: ኣብ ርእሲ'ዚ ካሎኦት ዘገዱሱና ዛዕባታት'ዉን ኣለዉ:: ሓደ ዎሎዶ መመላእታ ህዝቢ ኤርትራ ትሕዝትኡ በዚ መላኺ ስርዓት ስለ ተመንዝዕ ድኻ'እዩ:: ድኽነት ካብ ሓደ ወሎዶ ናብ ካልኣይ ወሎዶ እንተዳኣ ተሰጋጊሩ ሰላምን

ርግኣትን ዝብሃል ንመጻኢ ኣይክህሉን'ዩ: ንክትጽግኖዉን ኣስታት 50 ዓመታት ዘድልዮ'ዩ: ካልኣይ ኤርትራ ኣዝያ ሓዳስ: ድኻ: ዉሑድ ህዝቢ ዘለዋ: ንእሽቶ ሃገር ምኻና ኣስተዉዒልና ተጠንቂቅናን ክንሓስብ ዝድሩኽና ሮቛሒታት'ዉን ኣለዉ::

ኩቡራት ኣሕዋት ትዝክርዎ'ዶ እቲ ኣብ 19 ግንቦት 1993 ዝተኻየደ: ሓንቲ ሓይሊ ዘይኣኽሉ ተጋደልቲ ኣባላት ከቢድ ብረት(74)ን ንይ ክፍለ ሰራዊት 409 ካብ ደቀምሓረን ቱኹልን ንኣስመራ ተኣኻኺቦም ካብ ሳዓት 13:00 ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሳዓት 19:00 ናይ ምሸት ኣይርፖርት: ባነክታት: ኣብያተ ምንግስቲ ን6 ሳዓት መመላእታ ተቋጻጺሮም: ንዋን ጻሓፊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ካልኡት ሰበስልጣን ኣልኣሚን: ኣብርሃ (ወዲ ካሳ)... ወ.ዘ.ተ. ኣገዲዶም ኣብ ሜዳ መጻወቲ ኩዑሶ (ቺቸሮ) ኣኼባን ፍታሕን ንክገብሩ ከገድድ:: ናይዚ ማዓልቲ'ዚ ፍጻሜ ዋጋ ዝኸፈሉሉ ተጋደልቲ ባዓል ተጋ/ዳዊት: ተጋ/እሸቱን ካልኡትን ካብ 2 ዓመት - 18 ዓመት ከምተፈረዱሉ ትፈልጡ እንዲኹም:: እቲ ምንቅስቃስ ንተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ መኸፈቲ ራህዋ ተባሂሉ ዝተኻየደ'ዩ:: ኣብ ኤርትራ ሕጂ እኹል ተመክሮ ኣለና:: ሓደ ሕጊን ምርድዳእን ዘይፈልጥ መንግስቲ: ብዓመጽን ብዘይ ሕዝን ግድፍን እዩ ክእለ ዝኽእል:እዚ ዕማምዚ ድማ ብሓባር ጥራሕ'ዩ ክግበር ዝክኣል ወይ ንዝገብሩ መሰናኽላት ካይፈጠርካ ትም ምባል ዝሕተተሉ ዘሎ ግዜ'ዩ::

እቲ ዝገጥም ዘሎ ጸገም ብሓባር'ዩ ዝገጥመና ዘሎ:: ዝተቃለስናሉ መብጻዓታት ንህዝባናን ሃገርናን ጌና ከነተግብሮ ዘይምብቓዕናዉን ሕላናን ወግሓ ጸብሓ የሳቅያና ኣሎ:: ጸግን ሕልምን ህዝብና ከም ዘይፈደና'ዉን ንፈልጥ ኢና:: ጸማ ድኻምና: ጸማ ኣገልግሎትና: ስለተቀለትና ካይንብል ንነፍሰወከፍና ዝተዋህበና መዓርግ: ካብቲ ዝተመዘናሉ ክልተ ደረጃ ንታሕቲ ዘጎደለን: መብዛሕቲኡ መዓርግ ከም ሽሞት ፖሎቲካዊ ሓለፉ ዝተዓደላነ እንበር: ብብቓዓትና ከምዘይነበረ ተዛሪብና ሓሚና ተባሳጪና ዝሓደግናዮ'ዩ:: እቲ ብወታሃደራዊ መዓርግና መሰረት ዝኸፈለና ዶሞዝዉን ናይ ገለዶ ናይ እንታይዶ እንዳተባህለ ተቋራሪጹ ፍርቂ ጸርዩ ዘይኣክል ኣብ ኣእዳዉና ዝበጽሓ እንካይዶ ንመላእ ስድራቤትና ንዉልቀ'ዉን ከዕንግል ዝኽእል ከምይኮነ ትፈልጥዎ ኢኹም::
ወላ ገለ ዉልቀሰባት ካባና ዕዳ ዝተሓንገሮ ሓላፋታት ስለ ዝረኸብናን ንረክብ ዘለናን'ዩ? ብዘይ ቀረጽ መካይን እንታኣእቲና: ካብ ባንኪ ኣባይቲ ብተፈቕደልና ለቃሕ ገዛዉቲ እንተሃነጽና: ኣብ ዝሓተትናዮም ቦታ መሬት ምህናጺ ገዛ ሰለተዋህበና'ዩ: በሉ እቲ ቁምነገር እዚ እዩ:-
እታ መኪና ኣብ ዝጽግመኩም እዋናት ክትሸጥዎ ክትልዎጥዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም:: ክትሸየጥ ክትልወጥ እንተኸይና መእተዊ ቀረጽ ድሕሪ ምክፋሉ'ዩ ቀረጽ መኪና ኣብ ኤርትራ ድማ ልዕሊ ዋጋ እታ መኪና'ዩ: እቲ ብለቃሕ ዝዉሰድ መህነጺ ኣባይቲ ኣዝዩ ልዑል መጠነ ወለድ ስለዘለዎ: ብዘለኩም ዓቅሚ ብቀሊሉ ወይ ኣብ ሓጺር እዋን ዝኽፈል ስለዘይኮነ: ኣብ ከቢድ ዕዳ ወዲቅኩም: እቲ ገዛዉን ንብረት እቲ ባንክ ክኸዉን'ዩ:: እቲ ኣብ ዝደለናዮ ቦታ ገዛዉቲ ክንሰርሓሉ ዝዉሃበና ዘሎ: ዋናታት መሬት ስለዘለዉን ጽባሕ ንግሆ ፍትሓዊ ዝኾነ መንግስቲ ምስ መጸ: እንታይ ኢሉ ክዳኒ'ዩ እግዝኣብሄር ዋንኡ ጥራሕ'ዩ ክባሃል ዝካኣል::

ዋላ እተን ካብቶም ድፋጭኦም ወጽዮም ዝረኸብዋን ናይ ጁባ: ዶሞዝ መንእሰያት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሰራዊትንነ ኮብሊልካ ግዜ ኣሕሊፍካ: ትእዛዝ ኣየኸበርካን: ጠባይ ኣቕጢንካ እንዳተመኸነየ ንገሊኦም ናይ 1 ወርሒ: 3 ወርሒ ወይ ናይ ዝጠፍኡ ከም ህልዋት እንዳተጸብጸቡ ዝምንዛዕ ዘሎ ገንዘብ ስለ ዝመቐረናን ይዕንግለና ስለ ዘሎ'ዩ::
ዋላ ዘይጠቕም ሓርጭ ወዲ ዓከርን ስርናይን: ዘይቲ: ዓደስ ...ወ.ዘ.ተ ሎጂስቲክያዊ መቕነን: ነቲ ድፋጭኡ ዝወጽእ ዘሎ መንእሰይ ቀለብ ኢሉ ዝመጽ: ካብኡ ቆንጪልና ስለ እንሸይጥ: ስለ ንገዛና ንወስድ: ስለ ኣፍ ስድራቤትና እንኽትት: ስለ እንሰርቕ'ዩ ረብሓ ዘለና ይመስለና ዘሎ?

ብኣካል ምሳኹም ስለ ዘለና: እቲ መዓልታዊ ሎቕመጽማጻትን ቅጥፈታትን ብትዳጋጋሚ ንርእዮን ንፈልጦን ኢና:: ዘሕዝን ነገር እንተሃልዩ እዞም ሰረቕትን ብልሽዋትን መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ እቲ ጠባያቶምን ባሕርያቶምን ናባና ብምሕላፉ'ዩ:: እቲ ልዕሊ ኩሉ ዘሕዝን ድማ ሓደ ላዕለዋይ ወታሃደራዊ ሞኮነን: ወታሃደራዊ ስነምግባርን ሞራል ዲስፕሊን ዘየፍቅዶ ነዉሪ ስራሓት ስርሓይ ኢሉ ምትሕሓዙ'ዩ:: ንወታሃደራቱ ኣብ ክንዲ ብወታሃደራዊ ስነ ምግባር: ፍቅሪ ህዝብን ሃገርን ክምህር ዝፍትን ብዓመጽን ምፍርራህን ጸቅጥን ዝተሰነየ ደቅንስትዮ ከባዕልግ ይዉዑል: ብሰራዊት ጌይሩ ንመሽጣን ንስድራቤቱ ዝኸዉን ዕንጸይቲ ካእሪ ፋሓም ከፍሕም ይዉዑል: ወረ ገሊኦም ጀራዲኖምን ኣባይቶምን ብሰራዊት ዘስርሕዉን ኣለዉና:: ገሊኦም ኣብ ከፍለ ሰራዊቶም: ብበርጌዶም: ብቦጦሎኒኦም ባር ከፊቶም ጅን: ኣረቂ: ማስቲካ: ሽጋራ ክሽይጥን ክልዉጥን ምዉዓሉ'ዩ:: ከምዚኦም ዓይነት መኰንናት: ወታሃደራዊ መኰንናት ድዮም ዋላስ ነጋዶ? ንሓደ ጸይቂ ባህርያትን ስራሓትን ገደብ ኣለዎ:: እቲ ዝሓለፈ ይኣክል ከንብል ገጽና ክንዓትብ ግቡእ እዩ::
ትፈልጡ ኢኹም ኩናት ሕጂ እንድሕር ተጀቢሩዉን: መለኸቲ መራሕትና: ጎኒ ጎኒ እቲ ኩናት ዝኸይድ: መደባት ሰላማዊ ፍታሕን ዲፕሎማስያዊ መደባትን ብቅዓትን ከምዘይብሎም::

ትፈልጡ ኢኹም ብማእቶታትን ሓርነጽነጻትን እቲ መንገስቲን ብኣኹምን ዝተዳኸመ መንእሰይን ሰራዊትን ከምዘለኩም:: ትፍልጡ ኢኹም እኹልን ቡቑዕን ወትሃደራዊ ክእለት: ዕጥቅን ኡኹል ሊጂስቲክስን ከምዘየሎ:: ትፈልጡ ኢኹም ሰራዊትን መንእሰይን ዕግበታት ኣባኹምን ኣብ መንግስቲ ከምዘይብሉ:: ትፈልጡ ኢኹም ሕጂ ጥይት ካሕ እንታኢላ ኩሉ ሰራዊት ንኣኹም ቀቲሉ ፋሕ ብትን ከምዝብል:: እዚ ኣፍልጦ እንዳ ሃለዎ: ዳግም ክጋገ ዝደሊ ሰብ ሰብ'ዉን ኣይኮነን:: ንኹሉ ጉዳያትን ኩነታትን ገደብ ስለ ዝህልዎ እስከ ይኣክል ደጊም ትሩፍ ንበሎ::

ኩቡራት ኣሕዋት: ዝኾነ ኽይኑ'ዩ ዝምለስ ነገር የሎን:: ንምጥቃሱን ምዝኽኻርን ስለ ዝተደለ'የ እዩ ኣምጺእና ሓደ ሓደ ክንጠቅስ ዝኽኣልና እንበር ንምትሕስሳብን ነገር ንምትራርን ተሂሉ ዝዝረብ ዘሎ ኣይኮነን:: እቲ ዝድለ ዘሎ ጉዳይ ሓጺርን ኑጹሩን እዩ:: ንሱ ድማ ሃገርናን ህዝብናን ከነድሕን: ሃገርናን ህዝብናን ክነክሕስ: ሃገርናን ህዝብናን ምስ ጎረባብቱ ሃገራትን ኣህዛብን ብሰላም ቅሳነትን ሰናይ ጉርብትና ክነብር ዘኽእሎ ባይታ ክንፈጥር እዮ ዝድለ ዘሎ:: ነዚ ባይታ'ዚ ዘፈጥር ዓቕምን መካኒዝምን ድማ ኣብ ኣእዳዉ ናይኩሉና ኣሎ::

ኩቡራት ኣሕዋት ትፈልጥዎ'ዶ ዕማምን ሓላፍነትን ሓይልታት ምክልኻል: ፖሊስን ሃገራዊ ድሕነትን? ንምዝኽኻር ዝኣክል እዚ ሓይሊ ናይ ሓንቲኢ ሃገር

- ካብ ግዳማዊ ወራራት ይካላኽል: ውሽጣዊ ምርግጋእ ይፈጥርን ረብሓ ህዝብን ሃገርን ይሕሉ::
- ነቲ ብመላእ ህዝብን ተቃወምቲ ዉዱባት ዝጸደቀ ሃገራዊ ቅዋም ከይግሃስ ይካላኽልን ይሕሉን::
- ነቲ በቲ ሃገራዊ ቁዋም ዘፍቅዶ መሰረት ተመሪጸ ዝመጸ መንገስቲ ይሕሉ...ወ.ዘ.ተ እዩ::

ሓደ ኣባል እዚ ሰለስተ ዓዓይነት ክፍሊ መንግስቲ ወኪል ወይ ኣባል ሓደ ሰልፊ ክኸዉን ፉቁድ ኣይኮነን:: ከምኡ ካብ ኮነ ዕማማትናን ግቡኣትናን ንሕና እንታይ ንገብር ኣለና ኢልና ነብስና ክንሓትት ግቡእ እዩ::
ዋላዉን ዉሑዳት ይኹኑ ዳኣ እምበር ብኢድ ዋኒኖም ካብ ኣባላት ሰራዊትን ቨርጌስን ህዝብን ሂወት ሰብ ዘጥፍኡ ንፈልጥ ኢና: ከም ባዓል ጌሬ "ኣቡ 13"" ዝተሰምየ 13 ኣባላት ሰራዊትን ስለዝቀተለ: ባዓል ቦካሳ ኣዛዚ ብርጌድ... ወ.ዘ.ተ ዉን ኣብ ኣብ ማእከልና

ከምዘለዉና ትስሕትዎ ኣይመስለናን:: ኣብ ዓለም ንመዋእሉ ዝነብር መንግስቲ የለን: ጽባሕ ንግሆ መዓርግኩምን ጭሩራትኩም ኣብ ኩርናዓ ጎደና ተዓጺፍኩም ክትልምኑ ኢኹም:: "ዉሕጅ ካይ መጸ መገዲ ዉሕጅ ጽረግ" ከምዝብሃል መገዲ ሰናይ ተግባር ክትጸርጉ ንጽዉዓኩም:: ኣብ ክንሃድ ክስዕብ ወይ ክዋዳደብ ዝኽእል ናዕቢ ህዝቢ: ሰራዊት ምስ ህዝብኹም ደዉ ክትብሉ ንምዕድን ንጽዉዕን::

## መጸዋዕታ ን ተቃወምቲ ፖሎቲካዉያን ኣካላት

እቲ ኣብ ደገ ዝመደበሩ ኣካላት ተቃወምቲ ፖሎቲካዉያን ኣካላት: ናይ ገዛእ ርእሰን ዝተፈላለየ ኩሉ እንታዊ ጸገማት እኳ እንተሃለወን:: ንማሕበረሰብ ዓለም መንነት እዚ ምልካዊ ስርዓት ንክፈልጥ ኣቃልቦ ክገብረሉ ገይረን እዩን:: እዚ ኣወንታዊ ተራ እዚ ብቀሊል ዝግመትን: ቀሊል ሰብኣዊ ፋይናንሳዊ ነገራዊ ወጻኢታት ዝተገብረሉ ከም ዘይኮነዉን ፍሉጥ'ዩ::
እዚ ዝተኻየደ ዲፕሎማስያዊ ዕማም: ሓንቲ እመት ንቅድሚት ካብቲ ዝጸዮም ዘሎ ኣእላፍ ዕማም'ዩ:: እቲ ቀንዲን ዝሕየለን ዝተሓላለኸን ዕማማትን ስርሓትን ገና ኣይተጀመረን ዘሎ:: ነዚ ዝሓየለ ዕማማት'ዚ ንምዕማም ዘኽእል ኣካለዊ ባይታታት ምፍጣር ከድሊ'ዩ:: ዝሓዝካን ትገብሮን ዘይብልካነ ከነስኻ ኣብ ጸቢብ ፖሎቲካዊ ዉዱብ ብፖሎቲካዊ ስልጣን ክትብኣስ: ክትፋናጨል: ክትዋናጀል ዝዉዓል እንተኾይኑ ጸገም'ዩ:: ኣባ ከምዚ ንጥፈታት ምዓልን ዝዉዕልን ፖሎቲከኛ: ማኣስ ግዜ ረኺብ'ዩ ኣብቲ ቀንዲ ዕማም ክሰርሕ::

- ኩሉ ዝተጸዉዓ መጸዋዕታታት::
- ኩሉ ዝታኣወጀ ናይ ፖሎቲካ ወቅፊ ስልጣናት::
- ኩሉ ዝታኣወጀ  ሱሙር ግንባራት::
- ኩሉ ዝታኣወጀ ምቅንጻባትን ምፍልላያትን::
- ኩሉ ዝታኣወጀ ፖሎቲካዊ ዉድባትን ተጣባቂ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራት
- ኩሉ ዝጻሓፍ ዘሎ: ዝዝረብ ዘሎ: ዝሕለም ዘሎ: ዝኽሰስን ዝዉንጀልን ዘሎ ንነቦን ንሰምየን ኣለና::
- ኩሉ ዝፈርስ ዘሎ ግንባራት ንርእዮ ኣለና:

መሪሕነት ህ.ሰ.ግ.ኤ ክብሎ ዝደሊ ነገር እንተሃልዩ ክልተ መሰረታዉያን ነጥብታት እየን::

1. ኩሉ ዜጋ እቲ ንሱ ዝሓልሞ ዝንቦዮ ካልእ ካልእ ሰብ ክገብረሉ ክጽበ የብሉን:: ንዘለዎ ራኢታት ንግብሪ ክትርጉም ባዕሉ ክጽዕር ኣለዎ ወይ ነቶም ካልኦት ዝጽዕሩ ክትሓጋገዝ ኣለዎ::
2. መጀመርታ ነዚ ፖሎቲካዊ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክንኣሊ ንኽኣል እሞ ድሕሪኡ መን'ዩ ዝመርሕ: መን'ዩ ዝፋናጨል: መን'ዩ ካልእ ዝገብር ክንዛራረብ ንኽእል ኢና::

ዝሓዝካን ትገብሮን ነገር ዘይብልካ ሽንኮለል ክትብል ሙዉዓል ግን ፋይዳ የብሉን: ነቲ ዝድለ ዕማም ካይዕመምካ'ዉን መሰናኽላት'ዩ:: ኣመሪካ: ኣዉሮፓ: ኢትዮጵ : ሱዳን: እንታይ ይሓስቡ ፈሊጥናዮ ኣለና:: ድላዮም ክሓስቡ መሰሎም እዩ: ንሕና እንታይ ንሓስብን ንገብርን ክንፈልጥ ኣገዳሲ'ዩ:: ኣብ ክንዲ ኣብ ነንሕድ ሕድና ክንባኣስ ንዉዕል ሙሉእ ኣቃልቦና ናብቲ ቀዳማይን ቀንዲ ዕላማና ከነተኩር ንጽዉዕ::

**ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልስታት ኤርትራ!**
**ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!**
**ኣብ ንኣምነሉ ዕላማ ዓወት ወይ ሞት**
**ዓወት ንሓፋሽ!**

**ማእከላይ ሰውራዊ ሽማግሌ ህ.ሰ.ግ.ኤ**
25 **ጥቅምቲ** 2004
**ኤርትራ**